# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.268 | ዓርቢ 10 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ጥዕና



ገጽ 3
ዋዕላ ኔቶን ውጺኢቱን



ገጽ 4
ንግዲ ዝማእከሉ ሓድሽ ፖሊሲ ሽርክነት ኣመሪካ

ገጽ 5
ወተሃደር ደርግን ልኡኽ ሻዕብያን



ገጽ 7
ምልክታ


## ኣስመራ - ንትግባረ ውዕል ምዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ዝምልከት ዓውደ-ዘተ ተኻይዱ

ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ቤት-ጽሕፈት ትካል ትምህርቲ፡ ስነ-ፍልጠትን ባህልን ሕቡራት ሃገራት - 'ዩኔስኮ' ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃን መንግስቲ ጃፓንን ዝተወደበ፡ ንትግባረ ውዕል ምዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ 2003ን ምድላው ሰነድ ምዝገባን ዝምልከት ዓውደ-ዘተ፡ ብ6ን 7ን ሓምለ ኣብ ኣስመራ ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ክኢላታትን ወከልትን ባህሊ ኣብ ዞባታት፡ ሃገራዊ ቤት-መዛግብ፡ ኣጸናዕትን ተመራመርትን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ንመሰረታዊ ኣምራትን መትከላትን ውዕል ዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ 2003፣ ኣብ ትሕቲ'ቲ ውዕል ዝርከብ ምዝገባታት፣ ተመኩሮ ኤርትራ ኣብ ምጽናዕ፡ ምስናድን ምዕቃብን ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ፣ ምልላይን ምዝገባን ህጹጽ ዕቃብ ዝደልዩ ውርሻታት፣ ምድላው ሰነድ



ምዝገባ ኣብ 'ዩኔስኮ'፣ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ'ዚ መስርሕ ዝምልከት መግለጺታት ምስናይ ግብራዊ ኣብነታቱ ቀሪቡ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምዕቃብን ምትሕልላፍን ባህላዊ ውርሻታት፡ ንኤርትራውያን ክንዮ ታሪኻዊ ኣገዳስነቱ፡ ኣብ መስርሕ ምምጻእ ናጽነትን ህንጸት ሃገርን ኣገዳሲ ተራ ከምዝተጻወተን ከምዝለዎን ብምግላጽ፡ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻታት ብዝግባእ ተጸኒዖም ተሰኒዶም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንኽመሓላለፉ ብኣተኩሮ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣምባሳደር ጃፓን ኣብ ኤርትራ ሂዳኪ ማትሱ ብወገኖም፡ ንሃብታምን ብዙሕነት ዘለዎን ባህላዊ ውርሻታት ኤርትራ ብምጥቃስ፡ ሃገሮም ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ምድግጋፍ ከምእትገብር ገሊጾም።

እቲ ዓውደ-ዘተ ብወከልቲ ቤት-ጽሕፈት 'ዩኔስኮ' ኣብ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ሚስ ጁዲዝ ኢጋናን ክኢላ ናይ'ዚ ዓውዲ ዶ/ር ላቨሞር ማዝቡኮን'ዩ ተመሪሑ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ኤርትራ ኣብ ዓውዲ ዕቃብን ምስጓጋርን ባህላዊ ውርሻ ንእተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ድሕሪ ምምጓስ፡ ብወገን 'ዩኔስኮ' ኣብ ስልጠና፡ ምልውዋጥ ተመኩሮን ግብራዊ ናይ ወፍሪ ዕዮን ዘድሊ ምድግጋፍ ከምዝገበር ቃል ኣትያ።

ኤርትራ፡ ንውዕል ዕቃብ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ 2003፡ ኣብ 2011 ካብ እትፍርመሉ ንደሓር፡ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ከምእተወደበ፣ ልዕሊ 50 ባእታታት ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ ኣብ ሃገራዊ መዝገብ ከምዝሰፈረ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ናይ'ቲ ውዕል ከምእተሳተፈት ዝፍለጥ'ዩ።

## ዓንሰባ- ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብ127 ሚእታዊት ዓብዩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብምውህሃድ ህዝብን መንግስትን ብዝተዓመ ስራሕ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ብዝሒ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብ127 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፡ ብ7ን 8ን ሓምለ ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ መንፈቓዊ ገምጋም ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ ኣብ 20242025 ኣካዳሚያዊ ዓመት 134 ጥራይ ዝነበረ ቁጽሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ 304 ከምዝበጽሐ፣ ቁጽሪ ተመሃሮ ድማ ብኡ መጠን ብልዕሊ ዕጽፊ ካብ ብምባል ናብ ኣስታት 19 ሽሕ ከምዝበረኸ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ መንፈቕ ልዕሊ 65 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድኦ ህንጻትን ጽገናን ዲጋታት፡ ትካላት ትምህርትን ጥዕናን፡ ከምኡ'ውን ጽርግያታት ዝርከቦ ፕሮጀክትታት ከምእተተግበረ፡ ጸብጻብ ህንጻዊ ልምዓት ኣነጺሩ።

ኣብ መዳይ ጥዕና፡ ብሱቡሰርሖ ብልሒ



ዝተደገፈ ዘመናዊ መሳርሒ ሕማም ቲቢን ምሉእ መሳርሒታት ፊዝዮተራፒ ህጻናትን ኣብ ሆስፒታል ከረን፣ ናይ ኣልትራ-ሳውንድ መመርመሪ ድማ ኣብ ማእከል ጥዕና ሓመልማሎ ከምእተዋደደ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ዘይሕጋዊ መሸጣ መሬትን ምስራሕ መንበርን ዕቱብ ቁጽጽር ክግበረሉ፣ እኹል ናይ



ጉሓፍ መእከቢ ክቐረብ፣ ኣብ ከተማ ከረን ምሕደራ ቦጣት ማይ ቈላሕታ ክወሃቦ፣ ከምኡ'ውን ምጥርናፍ ዓድታት ብዕቱብ ክስራሓሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ወኪል ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ክብሮም ንርኣዮ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ንዝተሰላሰለ ስራሕ ድሕሪ ምምጓስ፡ ሕጽረታትን ድኽመታትን ንምፍዋስ ብዝበለጸ ወኒ ክስራሕ ተማሕጺኑ።

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ብወገኖም፡ ሕብረተሰብ ምንቅሕቓሕ ምውዳብን ምዕጣቕን እቲ ዝሓየለ መሳርሒ ስለዝኾነ፡ ብዝሓየለ ክስራሓሉ ተላብዮም።

## ጋሽ-ባርካ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት ንምሕያል ዓውደ-ዘተ ተወዲቡ

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት መንግስቲ ንምሕያል ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ ብ8 ሓምለ ኣብ ባረንቱ ወዲቡ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር ተኽለዝጊ ተስፋማርያም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ወገናት፡ ከም ኩሉ መዳያዊ ሞያን ክእለትን ወኒኖም፡ ብሕብረተሰብ ተሓቲፎም ደገፍ ክረኽቡ ምእንቲ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት መንግስቲ ብምትሕብባር ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኮማዊ ሰረት ንምትሓዝ ብዝበለጸ ክድፋኣሉ ከምዝድሊ ኣረዲኡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኩባባ ብወገኖም፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና፡ ዓሚቕ ፍልጠትን ተጻዋርነትን ዝሓትት ብምዃኑ፡ ስድራቤትን ኣለይትን ኣብ'ቲ ሕማም ዘለዎም መረዳእታ ብምዕባይ ዝሕዝዎ ባይታ ንምፍጣር፡ ምስ ኣካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን ብምትሕብባር ብዕቱብ ክስራሓሉ ከምዝድሊ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ጋሽ-ባርካ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ክህልዉ ስለዝኽእሉ ዳህሳስን መጽናዕትን ክካየድን ዘድሊ ደገፍ ክግበረሎምን፣ ንምጥያሶም ዘድሊ ቅጥዒን ሰነዳትን ክዕደል፣ ከምኡ'ውን ንመምህራንን ኣለይትን ስልጠናታት ክወሃብ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምሕያል ጥዕና ዘለዎ ልምዲ ኣመጋግባ

ኣብ ኣመጋግባና እንኽተሎ ልምድታት፡ ንኹነታት ጥዕናና ጸላዊ እዩ። መብዛሕትና ተረኺበ መግቢ ሃንደፋእ ኢልና ክንምገብ ኢና ንርአ። እዚ ዓይነት ናይ ኣመጋግባ ልምዲ፡ ምስ ኩነታት ጥዕናና፡ ምስቲ ኣካላትና ዝሰማማዕ፡ ዘይሳነ ኣብ ዝኸፍኡ እዋን ንዘኸትሉ ጥዕናዊ ጸገም ኢዩ ዘቃልዓና።

ኣቓዲምና ክንክተሎ ዝጸናሕና ልምዲ ኣመጋግባ፡ ደጋጊምና ክዘውትሮ ዝጸናሕና ብምኻኑ ቀልጢፍና ክንቅይሮ ዘኮኣል ኣይኮነን። ይኹንምበር፡ ቀጻሊ ብእካልዶ ጻዕሪ ከምኡ'ውን ናይ ምርዳእን ምስትብሃልን ዓቕምና ብምዕባይ፡ ክቕየር ዘይክኣል ከም ዘየለ ምግንዛብ የድሊ። ናይ ኣመጋግባና ልምዲ ምስ ጥዕናና ተሳንዩ ክኸይድ ንምግባር ክንርድኦም ዝግበኦ ደረጃታት ብዙሓት እዮም። ገለ ካብኣም፦

- ዝገጥመካ ዕንቅፋት ምልላይ፤
- ክትዛበጽሖ ዘለካ ዕላማ ምስትብሃልን እዮም።


### ዝገጥመካ ዕንቅፋት ምልላይ

ዝገጥመካ ዕንቅፋት ዕላማኻ ንኸይትወቅዕ ዝዝብርኻ መሰናኽል እዩ። ስለዚ፡ ናይ ኣመጋግባ ልምድታትካ ንምቕያር ኣብ እትካየዶ ጻዕሪ፡ ኣቐዲምካ ክገጥመካ ዝኽእል ዕንቅፋት ምልላይ የድሊ። ነዞም ዕንቅፋት እዚኣም ንምእላይ፡ ኣቐዲምካ ዘድሊ ምቅርራብ ክትገብር ይግባእ። ካብ ስድራቤትካ፡ ኣዕሩኽትካን ክኢላታት ሰብ ሞያን ዘድሊ ሓገዝ ክትረኽብ'ውን ጸዓር።

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል፡

- ልዑል ዋጋ ዝሓትት፡
- ንኽትዳልዎም ብዙሕ ግዜ ዘድልዮም ኮይኑ ስለ ዝስመዓና፡ ብቐዓምነት ኣብ ሓንጎልና ዝመጹ ዕንቅፋት እዮም።

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምኽታል ዘድሊ ወጻኢታት ንምቑጣብ ዘኽእል ዝበለጸ ኣገባብ ምኻኑ እዮም ክኢላታት ስነ መግቢ ዘመልክቱ።



### ጥዕና ዘለዎ ሰዓታት ኣመጋግባ

ስሩዕ ዝኾነ ሰዓታት ኣመጋግባ ክህልወና ምኽኣል፡ ንጥዕንና ኣገዳሲ እዩ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ኣመጋግባ፡ መግቢ ኣብ ዝረኸብናዮ እዋን ካብ ምምጋብ ክሕርመና ይኽእል። ኣብ መላእ ዓለም ዝዘውተር ሰዓታት ኣመጋግባ፡ ኣብ መዓልቲ 3 ወይ 4 ግዜ ምምጋብ እዩ። ንግሆ ካብ ድቃስ ምስ ተበራበርካ ዘሎ ናይ ኣመጋግባ ሰዓት ቁርሲ፡ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ምሳሕ፡ ቅድሚ ምድቃስካ ዘለዉ ውሑዳት ሰዓታት ድማ ድራር፡ እቲ ልሙድ ሰዓታት ኣመጋግባ እዩ። ኣብ ሰዓታት ድራር ንወስዶ መግቢ፡ ምስቲ ኣብ ድቃስና ዘድልየና ጸዓትን ናይ ምሕቃቕ ኣገባቡን ዝሰማማዕ ክኸውን እዩ ዝምከር።

ለይቲ ካብ ድቃስ ተበራቢርካ መግቢ ምውሳድ፡ ብኽኢላታት ስነ-መግቢ ካብ ዘይድገፉ ኣገባብ ኣመጋግባ እዩ። ብዘወሳኺ፡ ቁርሲ መግቢ ከይወሰድካ ክትዝሎ ከም ዘይግባእ እዮም እቶም ክኢላታት ዝገልጹ። ከምኡ ምግባር፡ ኣብ ግዜ ምሳሕ ልዕሊ ዓቐን መግቢ ክትወስድ ዝዕብር ብምኻኑ። ስዒቡ ብኽኢላታት ስነ-መግቢ ዝድገፉ ጥዕና ዘለዎ ሰዓታት ኣመጋግባ ተዘርዚሩ ይርከብ።

- **ቁርሲ፦** ኣብ ውሽጢ 1 ሰዓት ካብ ድቃስካ ኣብ እትበራበረሉ እዋን ክውሰድ ይምከር። እዚ ንስርዓት ሜታቦሊዝም ሰብነትና ስርሑ ዘጀምር ስርዓት ኣመጋግባ እዩ።
- **ምሳሕ፦** ካብ ሰዓታት ቁርሲ 3 ወይ 4 ሰዓታት ድሒርካ ዝውሰድ እዩ። ጸዓት ሰብነትና ብግቡእ ተዓቂቡ ንዝኾነ ንጥፈታት ድልዋት ንኽንከውን ድማ ይሕግዝ።
- **ድራር፦** 3 ወይ 4 ሰዓታት ካብ ምሳሕ ድሒርካ ዝውሰድ ኮይኑ፡ ዓሪት ቅድሚ ምሓዝና ኣብ ዘሎ 1 ወይ 2 ሰዓታት ክውሰድ ይግባእ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ መግቢ ሓቒቑ ምእንቲ ክንድቅስ እዩ።
- **ጥዓሞት (እንተድልዩ)፦** ኣብ መንጎ ምሳሕን ድራርን እንተተወስደ ተመራጺ ይኸውን።

**ኣገዳሲ መምርሒ ንጥዕና ዘለዎ ሰዓታት ኣመጋግባ**

- **ስሩዕ ናይ ኣመጋግባ ሰዓታት ምኽታል፦** ኣብ መንጎ መግቢ ንወስደሉ ሰዓታት፡ ስሩዕ ዝኾነ ፍልልይ ናይ ግዜ ምህላው፡ ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ኣብ ንምቁጽጻር ይሕግዝ። ኣካላትና ዘድልዮ ስሩዕ ጸዓት ብዘይ ምቋራጽ ንኽረኽብ ድማ የኽእሎ።
- **ኣካላትካ ምንባብ፦** ሰብነትና ንዝህበና ናይ ጥሜት ወይ ናይ ጽጋብ ስምዒታት ምስትብሃል። እዚ ጠሚኻ እንከለኻ፡ መግቢ ከይወሰድካ ንኸይትጸንሕ፣ ጠንጻሩ ሰብነትካ ናይ ጽጋብ ስምዒታት እናስመዓካ እንከሎ፡ ልዕሊ ዓቐን መግቢ ከይትወስድ የኽእል።
- **ዝወሰድካዮም መግብታት ምዝካር፦** ማዕረ ማዕረ'ቲ ዝተመገብካሉ ሰዓታት ዝወሰድካዮም ዓይነት መግብታት ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ኣመጋግባኻ፡ ትወስዶ ዓቐን መግቢ ዝተመጣጠነ ክኸውን ንምስትብሃል የኽእል።
- **ደንጉኻ ካብ ምድራር ምቑጣብ፦** እትድቅሰሉ ሰዓታት ኣብ ምእካሉ ደንጉኻ ምድራር፡ ንኹነታት ድቃስካን ስርዓት ምሕቃቕ መግብን ስለ ዝረብሽ፡ ኣቐዲምካ ግቡእ ኣድህቦ ክትገብር ኣለካ።

**ስሩዕ ዝኾነ ሰዓታት ኣመጋግባ ምህላው ዝህልዎ ጥቕሚ**

- ሰብነትና ምዕሩይ ዝኾነ ጸዓት ክረክብ ይሕግዝ። ናይ ጸዓት ምጉዳል ስለ ዘይፍጠር፡ ዘድሊ ጸዓት ንኸይጸክዘን ይሕግዘና።
- ስሩዕ ዝኾነ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ክህልወና ይሕግዝ። ከስዐና ኣብ ግዜኡ ዘድሊ መግቢ ምስ ዘረክቡ፡ ምምዛኑ ናይ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ ከጋጥም ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ፡ ንቀሓር፡ ዓጽረ ሕቖት (dyspepsia)፡ ውጽኣት፡ ተምላሽን ዕግርግርን ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ክንቃላዕ ንኽእል።
- ንስርዓት ሜታቦሊዝም የሐይል።



- ክብደት ሰብነትና ንምቁጽጻር የኽእል። ካብ ዓቐን ንላዕሊ ምምጋብ ዘስዕቦ ሳዕቤን ዝኾነ ነገር ካብ ዓቕሙ ምስ ዝሓልፍ ጸቡቕ ኣይኮነን። ልዕሊ ዓቐን መግቢ ምብላዕ ንገዛእ ርእሱ ሓያሎ ጸገማት ጥዕና እዩ ዘኸትል። እቲ ጸገም ምናልባት ኣብ ገለኣም ሰባት ኣብ ኣዋርሕ ኣብ ሓጺር ግዜ ክኸሰት ይኽእል ይኸውን። ኣብ ገለኣም ድማ ድሕሪ ዓመታት ይኽሰት። ልዕሊ ዓቐን ብምምጋብና ኣብ ኣካላትና ክኽሰቱ ዝኽእሉ ጸገማት፦
- **ቃንዛ ምሕቃቕ መግቢ፦** ልዕሊ ዓቐን መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዝሕብረካ ሓደ ጸገም ምሕቃቕ መግቢ ምስ እተርኢ እዩ። እዚ ቃንዛዚ ኣብ መዓንጣውን ይርአ እዩ። መብዛሕትኦም ልዕሊ ዓቐን ዝበልዑ ሰባት፡ መግቢ ኣብ ኣፎም ብዘየገባእ ከሕቅቑ ስለ ዘይረኣዩ ንከስዖን መዓንጣን ተወሳኺ ስራሕ እዩም ዘፈጥርሉ።
- **ብዙሕ ምጕሳዕ፦** ብተደጋጋሚ ተጕስዕ እንተለኻ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ መግቢ ወሲድካ ከም ዘለኻ ዘርኢ እዩ። እናሻዕ ሓያሎ መግቢ ናብ ከስዐ ከተስቱኽ ከለኻ፡ ናብ ከስዐ ሓያሎ ንፋስ ክኣቱ ግድን እዩ። እቲ ኣየር ካብቲ ከስዐ ብሓይሊ ክወጽእ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ድማ ከዘጉስዕ ንግደድ።
- **ሽኮር ኣብ ደም ምውሳኽ፦** ልዑል ትሕዝቶ ካርቦሃይድሬድስን ሽኮርን ዘለዎም መግብታት ብብዝሒ ምውሳድ፡ ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ከም ዘወሰኽ ክኢላታት ይገልጹ። እዚ ድማ ንሕማም ሽኮር ዝተቓላዕና ይገብር።
- **ምኽሳዕ፦** ልዕሊ ዓቐን ብምምጋብ ክስብ ካብ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም እዩ - ምኽሳዕ።

### ዝተመጣጠነ መግቢ ንጥዕና


ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደረጃታት ዕብየትና፡ መዓልታዊ ንወስዶ መግቢ ኣብ ምክልኻል ሕማም፡ ዕለታዊ ኣቃውማና፡ ብሓፈሻኡ ድማ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓትና ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ/ምግባር፡ ንኹሉ ኩነታትና ካብ ጥዕና ዘለዎ ኣቃውማና፡ ክሳብ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕምና ንምሕያል ዝሕግዘ መሰረታዊ ኣመጋግባ እዩ።

ዝተመጣጠነ መግቢ (balanced diet) ማለት፡ ኩሉ ዓይነት መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ እዩ። ቫይታሚን፡ ካርቦሃይድሬድስ፡ ፕሮቲን፡ ማዕድንን ጥዕና ዘለዎ ስብሕን ካብ መግቢ ክንረኽቦም እንኽእል መኣዛዊ ትሕዝቶ እዮም። ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ማለት ድማ ኣመጋግባና ኣብዞም ኩሎም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘድሃበ ምዃን ማለት እዩ።

መብዛሕትና ዝተመጣጠነ መግቢ ልዑል ዋጋ ዝሓትት፡ ከም ካብ ስጋ፡ ዓሳ፡ ጸባ ወዘተ ጥራይ ንረኽቦ ገርና ንወስዶ ኢና። ኩሉ እቲ መዓልታዊ እንወስዶ መግቢ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። ኣብቲ እንዘውትሮ ኣገባብ ኣመጋግባ ግና ንኣካላትና ዝሀቦ መኣዛዊ ትሕዝቶ ክፈላለ ይኽእል። ኣብ ክንዲ ሓደ ዓይነት መግቢ ጥራይ ምምጋብ - ጥረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ስጋን ብምዝናቕ ኣመጋግባና ዝተመጣጠነ ክንገብሮ ንኽእል።

ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ኣካላትና ብግቡእ ንኽሰርሑ ዘድልዮ መኣዛዊ ትሕዝቶ ከም ዝረኽብ ይገብር። ኣካላትና ዘድልዮ መኣዛ ክረኽቡ መዓልታዊ ንረኽቦ ካሎሪ ካብዞም ዝስዕቡ ዓይነት መግቢ ዝመጸ ክኸውን ኣለዎ።

- ሓዊሽ ኣሕምልትን ፍረታትን፡
- ኣእካል (ስርናይ፡ ስገም፡ ዕፉን ማሽላ፡ ጣፍ ወዘተ)፡
- ጥረታት (ባልደንጓ፡ ዓተር፡ ፋል ወዘተ)፡
- ስብሒ ዘይብሉ ስጋ ወዘተ።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቀ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳጳ 1284

# ቅንያት ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዋዕላ ኔቶን ውጺኡን




መበል 36 ዓመታዊ ዋዕላ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ካብ 7 ክሳብ 8 ሓምለ ኣብ ከተማ ኣንካራ - ርእሰ ከተማ ቱርኪ ክካየድ ምቕናዩ ይፍለጥ። ኣብቲ መራሕቲ ናይ'ተን ኑቲ ኪዳን ዘቖማ 32 ሃገራት፡ ከምኡ ድማ መራሕትን ወከልትን ናይ ካልኦት ልዕሊ 40 መሻርኽቲ ሃገራት ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለምለኻውያን ዛዕባታት ዘተኮረ ዝርርብ ተኻይዱ። ድሕሪ 2004 ንፈለማ ግዜኣ ነዚ ዋዕላ ዘአንገደት ቱርኪ፡ ብዘገበረቶ ምድላዋት ካብ መሻርኽቲ ሃገራት ብዙሕ መጎስ ከም ዝረኸበት ተፈሊጡ ኣሎ።

**ኣብ መበል 36 ዋዕላ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ዝተዘረበሎም ዓበይቲ ዛዕባታት እንታይ ይመስሉ?**

1. ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዋዕላ ኔቶ ብቐዳምነት ዝተዘርበሎም ነጥብታት፡ ኩናት ኢራን እዩ ኔሩ። ኣብ ኩናት ኢራን፡ ኣባላት ኔቶ ሓገዝን ከም ዘየበርከታ እያ ኣመሪካ ወቒሳ። ፕረዚደንት እታ ሃገር ዶናልድ ትራምፕ፡ “መሻርኽቲ ሃገራት ዝበሃላ ኣባላት እዚ ኪዳን፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ መመርሒታት ኔቶ ሰፊሩ ዘሎ ስምምዕ ንኣባል እቲ ኪዳን ዝኾነት ኣመሪካ ኣብ ኩናት ኢራን ሓገዝን ከበርክታላ እኳ ዝግባእ እንተ ነበረ፡ ሓገዝን ካብ ምብርካት ግን ቦኺረን እየን” ክብል ወቒሱ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣመሪካ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ውግእ ኢራን ኢደን ከእትዋ ብተደጋጋሚ ክትጽውዕ እኳ እንተ ጸንሐት፡ ካብ ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ግን ጸማም እዝኒ እያ ረኺባ። በዚ ከኣ፡ ብተደጋጋሚ እዋን ነተን ሃገራት ክትነቕፍን ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝልእካኦ ንግዳዊ ፍርያት ወሰኽ ቀረጽ ከም እትገብር ክተጠንቅቕን ጸኒሓ እያ። ብመሰረት ኣብ ዓንቀጽ-5 ሕጊ ኔቶ ሰፊሩ ዘሎ ነጥቢ፡ ዝኾነት ኣባል ኔቶ ዝኾነት ሃገር፡ ካብ ሳልሳይ ኣካል መጥቃዕቲ ምስ ዘጋጥማ፡ ኣባል ሃገራት ሓገዝን ከበርክታላ ግዴታ ከም ዘለወን እዩ ዝጠቅስ።

2. ዩክሬን ‘ፓትርዮት’ ዝተሰምየ ምዕቡል ስርዓተ መከላኸሊ ኣየር ባዕላ ንኸተፍርየ፡ ኣመሪካ ፍቓድ ክትህባ ምኳና ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣፍሊጡ'ሎ። ከም ዝፍለጥ፡ ካብ 2022 ኣትሒዘን ሓያለ ምዕራባውያን ሃገራት ንዩክሬን ልዕሊ 350 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዛት ኣበርኪተናላ እየን። ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ኣንካራ ዝተቓንዐ ዋዕላ ድማ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮለድሚር ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ካብ ሩስያ ንዝመጻ ዘሎ ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ንምብዳህ፡ ምዕቡል ስርዓተ መከላኸሊ ኣየር ክትውንን ከም ዘለዋ እዩ ኣስሚርሉ ነይሩ። ፓትርዮት ሚሳይል፡ ዋላ'ኳ ንኽፈሪ ግዜፍ ባጀትን ነዊሕ ዓመታትን ዝወስድ እንተኾነ፡ ኣመሪካ ግን፡ ዩክሬን ኣብ መሬታ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ባዕላ ንኸተፍርዮ እያ ፍቓድ ሂባ ዘላ። ኣብ'ዘን ዝሓለፉ ቀረባ መዓልታት፡ ሩስያ ኣብ ከተማ ኪየቭ - ርእሰ ከተማ ዩክሬን ዘካየደቶ ናይ ሚሳይል መጥቃዕትታት ምሉእ ብምሉእ ዒላምኡ ከምዝሃረመን፡ ብዙሕ ዕንወት ከም ዘስዓበን እዩ ክግለጽ ቀንዩ። በዚ ከኣ፡ ፕረዚደንት ቮሎድሚር፡ ሃገሩ ብማዕበላዊ መጥቃዕትታት ሩስያ ምሉእ ብምሉእ ከይዓነወት እንከላ፡ ኑቲ ኣመሪካ እተፍርዮ ስርዓተ መከላኸሊ ኣየር ንኽትውንኖ፡ መሓዙት ሃገራት ክሕግዛኦ ክምሕጸን ቀንዩ። ዩክሬን፡ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ተጠቒማ፡ ንወተሃደራዊ ዒላማታትን መጻረዪ ነዳዲን ሩስያ ድሕሪ ምህራማ እያ ሞስኮ ኣብ ልዕሊኣ ከተካይዶ ዝጀንሐቶ መጥቃዕትታት ኣሐይላቶ።

3. ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾና ሃገራት፡ ንዩክሬን 80 ቢልዮን ዶላር ብመልክዕ ልቓሕ ክህባኣ ተሰማሚዐን ኣለዋ። በዚ መሰረት፡ ኣብ 2026 ከምኡ'ውን ኣብ 2027፡ ሕብረት ኤውሮጳ ዓመታዊ 35 ቢልዮን ዶላር ክህባ እዩ። ካልኦት ኣባላት እቲ ኪዳን ድማ፡ ኑቲ ዝተረፈ 45 ቢልዮን ዶላር ክልእካላ እየን። እዚ ይኹን'ምበር፡ እቲ ኩናት ንኹብቅዕ፡ ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ ምስ ሩስያ ኣብ ስምምዕ ክበጽሕ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ጻውዒት ኣቕሪቡ'ሎ።

4. ኣመሪካ ንደሴት ግሪንላንድ ናይ ምውናን ድሌታ ደጊማ ገሊጻ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ናይ ኔቶ ዋዕላ ቅድሚ ምኽፉቱ እዩ ነዚ መግለጺ እዚ ሂቡ። ትራምፕ፡ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ግሪንላንድ ካብ ዴንማርክ ንምዕዳግ ድሌቱ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ። ኣስታት 56 ሽሕ ጥራሕ ነበርቲ ዘለዋ ግሪንላድ፡ ካብ ሰሜን ኣመሪካ ናብ ኤውሮጳ ብኣቋራጭ እትወስድ ዓባይ ደሴት ብምኳና፡ ንኣመሪካ ልዑል ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ከም ዘለዋ እያ ክጥቀስ ጸኒሓ። በዚ ከኣ፡ ኣብ 2019 ንግሪንላንድ ንምዕዳግ ሓሳብ ኣቕሪቡ ዝነበረ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብዚ እዋን፡ እታ ደሴት ንጸጥታ ኣመሪካ ስትራተጂያዊት ምኳና ብምጥቃስ፡ ልኡላዊ ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባራ ከም ዝጽዕር እዩ ዝሕብር ዘሎ። ይኹን'ምበር፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዴንማርክ ሜት ፍሪደሪክሰን፡ ሃገራ ልኡላዊ መሬታ ንኣመሪካ ኣሕሊፋ ከም ዘይትህብ ኣፐዝሊባ'ላ። እቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር፡ “ግሪንላንድ ሕጂ'ውን ንመሸጣ ኣይትወርድን እያ፡” ድሕሪ ምባል፡ ሃገራ ካብ ኣመሪካ ዝኾነ መጥቃዕቲ ምስ ዘጋጥማ፡ ንመሬታ ክትብል ክትከላኸል ክትግደድ ምኳና ኣፍሊጣ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ እታ ዓባይ ደሴት ዓይነን ከውድቓ እኳ እንተ ተራእያ፡ ዴንማርክ ግን ጸጥታ እታ ደሴት ንምውሓስ ሓያል ጻዕሪ ተካይድ ምህላዋ'ዩ ዝግለጽ።

5. ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገሩ ምስ ስጳኛ ዘጀንሓ ንግዳዊ ዝምድና ከም እትብትኽ ኣብቲ ዋዕላ ኣፍሊጡ። ከም ዝፍለጥ፡ ስጳኛ ኣብ ኩናት ኢራን ሓንቲ ካብ'ተን ንኣመሪካ ሓገዝን ዘየበርከታ ሃገራት ኤውሮጳ እያ። እዛ ብዕብየት ቁጠባ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተሰርዓ ትርከብ ሃገር፡ ኣመሪካ ኣብ ኩናት ኢራን ንክሊ ኣየራ ከይትጥቀመሉ ከም ዝኸልከለታ'ዩ ዝንገር። በዚ እዩ እምበኣር ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣመሪካ ምስ ስጳኛ ዝኾነ ናይ ንግዲ ዝምድና ክህልዋ ድሌት ከም ዘይብሉ ዝገልጽ ዘሎ።

6. ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ቱርኪ ጸኒዑ ንዝጸንሐ እገዳ'ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣልዒልዎ። እታ ኑቲ ዋዕላ ዘአንገደት ቱርኪ፡ ኣብ 2020፡ ‘ኤስ-400’ ዝዓይነቱ ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይል ካብ ሩስያ ድሕሪ ምሽማታ እያ ብኣመሪካ ናይ ኣጽዋር እገዳ ተነቢሩላ። ሕጂ ግን እቲ እገዳ ብምልዓሉ፡ ካብ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ዓይና ዘውደቐትለን ኤፍ-35 ዝዓይነተን ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ካብ ኣመሪካ ኣብ ቀረባ ግዜ ክትሽምት ክትክእል እያ።

ድሕሪ ምኽታም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ 1949 ብ12 ሃገራት ዝተመስረተ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ)፡ ቀንዲ ዕላምኡ፡ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝወረደ ክሳራ ብሓባር ንምሕዋይ ምንባሩ፡ ሰነዳቱ የመልክቱ።




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ድባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:10 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 1ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

ርእይቶ

# ንግዲ ዝማእከሉ ሓድሽ ፖሊሲ ሽርክነት ኣመሪካ

ዘሚካኤል ገብረክርስቶስ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

## መእተዊ

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ንኣመሪካ ናብቲ ናይ ቀደም ሓይላ ዳግም ምምላስ (MAGA) ዝብል እዩ። ነዚ ክውን ንምግባር፡ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ብቐንዱ ናብ ባህርያዊ ጸጋታት ዓለምን ቀዳምነታቱ ኣብ ቁጠባዊ ረብሓን (Economic Interest) ዝጠመተ ፖሊሲ ሓንጺጹ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ከም ኣካል ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ፡ ኣብ ሚያዝያ 2026 ኣብ ክንዲ ረድኤት ንግዲ (Trade over Aid) ዝተሰመየ ናብቶም ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት (Developing Nations) ዝዓለመ ፖሊሲ ኣዳልዩ ኣሎ።

እዚ ኣብ ክንዲ ረድኤት ንግዲ ዝብል ሓድሽ ተበግሶ፡ ኑቲ ብመገዲ ረድኤት ጽግዕተኛነት ናይ ምኹስኳስ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ልምዲ፡ ናብ ቁጠባዊ ሓባራዊ ረብሓታት ዘረጋግጽ ሽርክነት ክቕይሩዎ ወጠኖም ምህላዎም የነጽር። እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ ካልእ ሓድሽ ምዕራፍ ዝኸፍት ዘሎ ናይ መጀመርታ ነጥበ መቐይሮ እዩ።

እዚ ሓድሽ ፖሊሲ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ሕጂ ንደሓር ቀንዲ ኣተኩሮ እትገብሮሎም ሓገዛትን ድጎማን ኣብ ምዕባይን ምስፋሕን ውሕስነት ኣመሪካውያን ንዘዂጥፉ ትካላት ከምኡ’ውን ኣብ ምዕባለን ድሕነትን ሃገሮም ጥራይ ከምዘድረት ዝጉብር፡ እንትርፎ ንዕብየትን ብልጽግናን ውሽጣዊ ዓቕሚ ኣመሪካ፡ ካብ ሃገራ ወጻኢ ዝኾነ ይኹን ሓገዝ ብመልክዕ ምጽወታ ከምዘይትህብ ዘነጽር እዩ።
ብሓፈሻ ንግዳዊ ሽርክነት ኣብ ክንዲ ረድኤት (Trade over Aid) ዝብል ቅዲ ሒዙ ተበጊሱ ዘሎ ፖሊሲ ትራምፕ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ኑቲ ብመልክዕ ሰብኣዊ ሓገዛት ክግበር ዝጸንሐ ረድኤት ብምብታኽ፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባ ንዘግበሩ ሓገዛት ቀዳምነት ሂቡ ከምዝሰርሓሉ፡ ኣመሪካ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት (Mutual Benefit) ዝተሞርኮሰ ምቹእ ባይታ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ዝምድናታት ንምትብባዕ ዓሊማ ከምትሰርሕ’ዩ ዘነጽር።

## መምርሒታትን ዕላማታትን ንግዲ ኣብ ክንዲ ረድኤት

*ነፍሲ ወከፍ ልኡላዊት ሃገር ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሳ ቁጠባዊ ዕብየት ናይ ምውሳን ምሉእ መሰል ከም ዘለዋ ይገልጽ። ነፍሲ ወከፍ ሃገር ጸጋ ሰብ፡ ስርዓት-ፋይናንሳውን ባህርያዊ ሃብትን ብዝግባእ ብምውህሃድ፡ ንንግዳዊ ንጥፈታትን ቁጠባዊ ዕብየትን ዘተባብዕ ምቹእ ሃዋህው ብምፍጣር፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ናይ ምምዕባል መርሓ ጎደና ክትክተል ከምዘለዋ ድማ የመልክት። በዚ መሰረት ካብ ሃገራትን ካልኦት ትካላትን ዝመጽእ ልምዓታዊ ሓገዛት፡ ብቐዳምነት ንርእሰ-ምርኮሳ ዘተባብዕን ሃገራዊ ዕብየት ዘኻዕብትን ክኾኑ ይግባእ።

*ኣብ ናጻ ዕዳጋ ዝተመርኮሰ ፖሊሲታት፡ ናብ ቁጠባዊ ዕብየትን ብልጽግናን ዘምርሕ ዘተኣማምን ቅኑዕ መስመር ምዃኑ ይኣምን። ምስ ዕዳጋ ዘይተኣሳሰሩ ናይ ቁጠባ ቅድታት (non-market models)፡ ንሓጺር ግዜ ቁጠባዊ ዕብየት ዘመዝግቡ’ኳ እንተመሰሉ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ግና ናብ ውድቀት ከም ዘምርሑን ከምዘይዕውቱን ይገልጽ። ብሓፈሻ ናጻ ዕዳጋ ካብ ካልኦት ቁጠባዊ ቅድታት ንላዕሊ ብሉጽ ዝኾነ ውጽኢት ከም ዘምጽእ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ ምዃኑ የነጽር።

* እቲ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ዝኾነ ቁጠባዊ ዕብየት ክፍጠር ዝኽእል፤ ኣብ መንጎ ሃገራት ዘለዋ ናይ ብሕቲ-ጽላታት (Private Sectors) ዝግበር ምትሕግጋዝ፤ ኣብ ሓባራዊ ረብሓን መኽሰብን (Mutual Benefit) ዝተመስረተ ንግዳዊ ሽርክነት ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ዓይነት ምትሕግጋዝ ድማ ኣብ መንጎ ሃገራት ንዝግበር ልውውጥ ናይ ንብረትን ኣገልግሎታትን፡ ቀጥታዊ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ወፍሪ (Foreign Direct Investment)፡ ሓባራዊ ንግድን ካልኦት ቁጠባዊ ምትእስሳራትን የጠቓልል። ብሓፈሻ ንዓሰርተታት ዓመታት ብመልክዕ ረድኤት ካብ ዝማዕበላ ናብ ዘይማዕበላ ሃገራት ክኸይድ ዝጸንሐ ናይ መንግስታት ሓገዛት፡ ኑቶም ኣብ ዓለማዊ ምዕባለን ልምዓትን ዝጸንሑ ብድሆታት ኣብ ምፍታሕ ዝኸበሮ ተራ ኣዝዩ ድሩት ምንባሩ የነጽር። ኣብ ዝበዝሐ ድማ ጽግዕተኛነት፡ ዘይብቑዓትን ብልሽውናን ከምዘፈጠረ የረድእ። ብኣጣቓላሊ ኩላተን ዝማዕበላ ሃገራት በቲ ዝተኸተልኦ ውልቃዊ ንግዳዊ ጽላት ደኣ’ምበር፤ ብናይ መንግስታት ረድኤትን ሓገዛትን ከምዘይማዕበላን ብኣንጻሩ’ኳ ደኣ ከምዘዳኸምኦ ይምጉት።

*እቲ ራብዓይ ነጥቢ፡ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ኣብ ምዕባይ ውሽጣዊ ዓቕሚ ክህልዎ ዝኽእል ጥቕሚ ይገልጽ። ናጻ ዕዳጋ (Free Market) ዘተባብዑ ጽገናታት ብምውሳድ፡ ናይ ወጻኢ ንግዲ (Foreign Trade) ኣብ ምስሓብ ልዑል ግደ ከምዘጻውቱ ይገልጹ። ናይ ወጻኢ ርእሰ-ማልን ንግድን (Foreign Capital and Trade) ናብተን ንንግዲ ዝመቻቸአ ባይታ ዘጣጥሓ ሃገራት ከምዘውሕዝ የረድእ። ብሓፈሻ፡ ኣብ ናጻ ዕዳጋ ጽገናታት ብምውሳድ፡ ንዘቤታዊ ዋኒንን መሃዝትን (entrepreneurs) ዓቢ ረብሓ ከምዘምጽእን፡ ንሓፈሻዊ ምዕባለን ብልጽግና ደቂ-ሰብን ዓቢ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ይግምግም።

*እቲ ሓሙሻይን ናይ መወዳእታን ነጥቢ፡ ኣብ ተራ ኣህጉራዊ ውድባትን ፍሉይ ኩነታት ናይ ሃገራትን ንዘህሉ ረብሓታትን መኽሰባትን ይገልጽ።ብዙሓዊ ኣህጉራውያን ውድባት (Multilateral organizations)፡ ነተን ናጻ ዕዳጋ ንምትብባዕ ጽገናታት ዘካይዳ ልኡላውያን ዝኾና ሃገራት፤ ኣብ ምድጋፍ ልዑል ተራ ከምዘጻውት ይሕብር። በዚ መሰረት ቁጠባዊ ፍታሕ፡ ኑቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ፍሉይ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ደኣ’ምበር፡ ንኹሉ ዝሰማማዕ ሓደ ዓይነት ናይ ነዊሕ ዓመታት መደባት (one-size-fits-all) ብምሕንጻጽ ውጽኢት ከምዘየምጽእ የረድእ። ብዙሓዊ ውድባት ብቐዳምነት ናብ ሰላምን ውሕስነትን/ድሕነትን ክመርሕ ዝኽእል ቁጠባዊ ምዕባለን ክሰርሓሉ ዘድሊ ሰብኣዊን ትካላዊን ዓቕሚ ንምህናጽ ዝሕግዝ ቴክኒካዊ ክእለትን ፖሊሲታትን ክኽተላ ከምዝግባእ ይገልጽ።

## ጽልዋታቱ ኣብ ኣፍሪቃ

ከምዝፍለጥ ናይ ትራምፕ ውጥን ዘይከምቶም ዝሓለፉ ፖሊስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ብሰበብ ደሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ጣልቃ ከምዘይኣቱን ንሃገራዊ ባህላዊ ክብርታት ከምዘዕቅብን እዩ ዝገልጽ። እዚ ድማ ሃገራት ኣፍሪቃ ውሽጣዊ ሓድነተን ብምሕያል፡ ካብዚ ትራምፕ ዝኽተሎ ዘሎ ስትራተጂ ተረባሕቲ ክንብረን ከምዝኽእል’ዩ ዘጽር። ብቐንዱ ድማ ኑቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ቻይናን ሩሲያን ዘለወን ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊን ፖለቲካዊን ዝምድናታት ንምብታኽ እዩ። ብውጽኢቱ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ረድኤት ጥራይ ተደሪቱ ዝጸንሐ ዝምድና ኣፍሪቃ፤ ኣብዚ እዋን ናብ ንግዳዊ ሽርክነት ብምቕያር፤ ቁጠባዊ ረብሓታታ ንምዕባይ ኣብ ምስራሕ ተጸሚዳ ትርከብ። ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣመሪካ ክትክተሎ ዝጸንሐት ፖሊሲ ኣብ ሊበራላዊ ስነ-ሓሳብ (liberal ideology) ዝተመርኮሰ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ብሰንኩ ድማ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ተጸጋዕነት ዝተሞርኮሰ ቁጠባ ብምኽታለን፡ ነብሰን ኣብ ዘይክእላሉ ሕማቕ ደረጃ ወዲቐን ጸኒሐን። ብመሰረት እዚ ሓድሽ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ግና፡ ካብቲ ናይ ረድኤት ኣተሓሳስባ (Aid Ideology) ናብ ንግዳዊ ወፍሪ (trade-investment) ዝማእከሉ ፖሊሲ ክትሰጋገር ምዃና እዩ ዘጽር። ካብዚ ብዘይፍለ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝግበር ዝምድና’ውን ኣብ ኣገደስትን ብርቂ ማዕድናትን ምስ ምቍጽጻር ጸጋታት ዝተኣሳሰሩ ወሰንቲ ጅኦ-ስትራተጂያዊ ቦታታትን ንምቍጽጻር ዓሊሙ ከምዝሰርሕ እዩ ዝትንተን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ ሓድሽ ፖሊሲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓሳባት፡ ኣብ ዝሓለፉ 80 ዓመታት ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት እናተዘምተ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ መግደፍን ድጎማን ቁጠባ ተሸሚማ ምጽንሓ ብምግላጽ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ዓለማዊ ምዕባለታት ብፍላይ ድማ ምንቅልቓልን ምቁራጽን ረድኤት፡ ንኣፍሪቃውያን ብእወታ ዘቐስቅስ ምዃኑ ገሊጹ ነይሩ። እዚ ማለት ኣፍሪቃ ካብ ናይ ጊላነት ፖለቲካን ቁጠባን ወጺኣ፡ ካብ ምሻጥ ጥረ ነገር ናብ ምምስራሕን ክብሪ ምውሳኽን (Processing and Value added) ክትሰጋገር ብምኽኣል ጥራይ እያ ካብዚ ንመዋእል ኣልሚሰዋን ደቂሰዋን ዝጸንሐ ኣብ ተጸጋዕነትነት ዝተሞርኮሰ ሞቕሕ ክትገላገል ትኽእል። ምምሕዳር ጻዕዳ ገዛ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዝተሞርኮሰ ንንግዲ ቀዳምነታት ሂቡ ክሰርሕ ምዃኑ ብምግላጹ ድማ ምስቲ ኣብ ነዊሕ ራእይ ዝኣምን መትከልን ኣጠማምታን መንግስቲ ኤርትራ ምምስሳላ የርኢ ምህላዉ ይግምገም።

ኒክ ቸከር (Nick Checker) ላዕለዋይ ሓላፊ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ኣፍሪቃ (Senior Bureau Official Bureau of African Affairs)፡ ብዛዕባ ሓድሽ ቅዲ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣመሪካ ናብ ኣፍሪቃ ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ሓሳባት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከም ሓንቲ ለጋስ ሃገር ብምምሳል፤ ካብ 1991 ጀሚራ ልዕሊ 200 ብልዮን ዶላር ዝግመት ወጻኢታት ብመልክዕ ረድኤት ንኣፍሪቃ ከምዝመጠወት፡ ይኹን’ምበር እቲ ዝለገሰቶ ክሱብ ሕጂ መሰረታዊ ለውጥን ብልጽግናን ከምጽእ ከምዘይከኣለ ይግልጽ። ዕላማ መንግስቲ ኣመሪካ ኑቲ ምስ ኣፍሪቃ ኣብ ጽግዕተኝነት ረድኤትን ሓገዘን ጥራይ ተሓጺሩ ዝጸንሐ ልሙድ ኣካይዳ ኣመሪካ ናብ ናይ ንግድን ወፍርን ሽርክነት ምቕያር ምዃኑ ይሕብር። ቀንዲ ዕላማ ንግዲ ኣብ ክንዲ ረድኤት ብዑህግታትን ድሌታትን ዋሽንግቶን ጥራይ ተደሪቱ ዝከይድ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ንድሌታት ኣፍሪቃ ኣብ ግምት ብምእታው ዝግበር ሓባራዊ ረብሓ ዘፈጥር ንግዳዊ ሽርክነት (mutual economic benefit) እዩ ይብል። እዚ ዓይነት ኣረኣእያ ንሃገራት ኣፍሪቃ ካብቲ ኣትዩንኦ ዝጸንሓ ድቕድቕ ጸላም ጽግዕተኛን ምጽወታን ናይ ሃገራት ምዕራብ ክናግፈን ከምዝኽእል እዩ ዝትንትን ዘሎ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ንግዲ ኣብ ክንዲ ምጽወታ (Trade over Aid) ዝተሰመየ መምርሒ ናብ ኣፍሪቃ ብምቕናዕ፡ ካብ ተጸጋዕነትነትን ምጽወታን ኣናጊፉ ናብ ወፍርን ንግድን ከምዘተኩር እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ሃገራት ኣፍሪቃ ነዚ ዕድል’ዚ ንምምዝማዝ ምስ ረብሓታተን ዝቃዶ መርሓ ጎደና ብምኽላስ እየን፡ ካብቲ ምምሕዳር ትራምፕ ወጢኑዎ ዘሎ ንግዲ ኣብ ልዕሊ ረድኤት ዝብል ፖሊሲ ክረብሓሉን ክዕወታሉን ዝኽእላ። ሃገራት ኣፍሪቃ ንኹሉ ዘሎ ምዕባለታትን ኣካይዳን ምምሕዳር ትራምፕ ብምጽናዕን ብምምርማርን ተረባሕቲ ናይዚ ንረድኤት ኮሊፉ፡ ንንግዲ ቀዳምነት ዝሁብ ፖሊሲ ክኾና ከምዝኽእላ ናይ ብዙሓት እምነት እዩ።

ይቕጽል . . .

# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወተሃደር ደርግን ልኡኽ ሻዕብያን

*ፍስሃ ሚካል ናሽሕ እዩ ዝበሃል። ብዕለት 6/5/2026 ምስ ኣባላት ጀማሂርን ውፉያትን ጃኒፎም (ጃኒ፡ ፎርቶ፡ መንራይብ) ኣብ ከረን ታሪኽ ናይ ምስናድ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ኢጋጣሚ ብምግባር ኢና ቃለ-መጠይቕ ኣግበርናዮ። ኣብ ቅድሚ ወደብዑ -ብተጋዳላይ መሓሪ ጭንዕ ኣብል ስሊያ 72 እዩ ተወዲቡ- ዝኾፈለና ታሪኽ ከም ዘሎዎ ናብ ኣንባቢ ነቕርቦ ኣሎና፥*

***ኣቐዲምካ ተመኩሮኻ ከተካፍል ቅሩብ ምዃንካ እመስግነካ፣ ድሕሪ-ባይታኻ እንታይ ከም ዝመስልዶ ከተላልየና?**

ክብረት ይሃበለይ! ኣነ ፍስሃ ሚካል ናሽሕ ይብሉኒ። ብ1963 ኣብ ግላስ ተወሊደ። ምስ ወለደይ ኣብኡን ኣብ ሓጋዝን ዓብየ። መንግስቲ ኣብ መወዳእታ 1983 "ሓኪይም እንስሳ ክንምህረልኩም ካብ ውሽጥኹም ሰብት ምረጹ" ክብል ብመንገዲ ምምሕዳር መምርሒ ሂቡ። ህዝቢ ከኣ ንሰለስተ ሰብት መሪጹ። ሓደ ካብቶም ሰለስተ ኣነ እየ። እቶም ክልተ ዝተመረጹ ብጾተይ ከኣ ዓንደም ዝተባህለ ካብ ካልእ ዓዲ መጺኡ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ጀርዲን ዝሰርሕ ዝነበረን ሓሰን ሸኽ ሓመድኖር ሽምሺን ኔሮም። ክልቲኦም ከማይ መንእሰያት ነይሮም።

ምስ ተመረጽና፡ ንጽባሒቱ ቀጥታ ንተሰፉ ዝተባህለ ናይ ገበሬ ማሕበር (ክፍሊ ሕርሻ) ክንረኽቦ'ሞ ብኡ ኣቢልና ናብ ቦታ ስልጠና ክንከይድ ምዃንና ተሓቢሩና። ብወገነይ ኣይተማታእኩን፣ ኣብ ሰዓተይ ኣብ ናይ ቆጸራ ቦታ ተረኺበ። እቶም ክልተ ግን ኣይመጹኡናን። ዓንደም፡ ወላ ኑቲ ናይ ጀርዲን ስራሕ ጠንጢኑ ንዓዱ ምስ ከደ ድሕሪኡ ኣይተመልሰን። ዝፈለጡዎ ጉዳይ ግዲ ነይሩ ሓሰን'ውን ተሓቢኡ ተሪፉ። ተሰፉ ንዓይ ጥራይ ኣብ ትየታ ኣሳፊሩ ናብ እንዳ ሕርሻ ከረን ወሲዱኒ። ኣብኡ ምስቶም ካብ ከረን ዝተዋጽኡ ከማይ ተሓዊሰ ኣብ መጀመርታ 1984 ናብ ኣስመራ ደይብና።

ኣብ ኣስመራ፡ "መሰልጠኒ ሓረስቶት ክ/ሃገር ኤርትራ" ዝብል ታቤላ ቤት-ጽሕፈት ክኣትው ይዝከረኒ። ኣብኡ ኣቲና ንኽልተ ሰሙን ዝኸውን መባእታዊ ትምህርቲ ሂቦምና። እናተመሃርና ከለና፡ ፈትየዮ ተሓጉሰ ነይረ። ሓኪም እንስሳ ኩይነ ኣብ ዓደይ (ኣብ ከባቢ ሓጋዝ) ከገልግል እናተራእየኒ ብወኒ ክመሃሮን ክቕበሎን ጀሚረ። ግን፡ ኣይቀጸልናዮን። "ማዕረማረ ናይ ሕርሻ ትምህርቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም የድልይ እዩ" ኢሎም፡ ናብ ከባቢ ዓዲኣቤቶ ወሲዶምና። ኣብ መንጎ ዓዲኣቤቶን በለዛን (ባሊዝ) ወሲዶም ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ታዕሊም ሂቦምና። ድሕሪ'ዚ ኣብ ክንዲ ናብ መሰልጠኒ ማእከል ሓኪም እንስሳ ንምለሱ፡ ከኸላሸንና ኣዕጢቖም ኣነ ዘለኹዎም 20 ሰብት ናብ ሓጋዝ ከረን ክንምለስ ከለና፡ ዝበዝሑ ብጾትና ግን ኣብ ምዱብ ሰራዊት ኣትዮም ምስ'ቲ ንሃረር (ምብራቕ ኢትዮጵያ) ዝተጓዕዘ ሰራዊት ከይዶም።

እቶም ናብ ከባቢ ዓድታትና ዝተመለስና፡ ወላ'ኳ ካብቲ ሕርሻ መሰልጠኒ እንስሳ ግቡእ ሰርቲፊኬት ኣይተዓደለና'ምበር፡ ብወገኑይ ንሓጋዝ ምስ ተመለስኩ፡ ንኩብሰይ ከም ሓኪም እንስሳ ክፈልጣ ጀሚረ ነይረ። ሕርሻ ሓጋዝ'ውን "ኣባላትና ኢኹም" ይብሉና ነይሮም። ኣብ ከምዚ ከለኹ፡ ኣመሓዳሪ ወረዳ ሓጋዝ ከሊፋ እድሪስ መሓመድ ዑስማን፡ ዓይኒ ኣውዲቑለይ። ወዲዓድን ውዑይ መንእሰይን ምስ ምንባረይ፡ ኣብቲ ምምሕዳር ምስኡ ከም ሓለዋን ምልእኣኽን ክነጥፈሉ ጠሊቡኒ። ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ፡ ምስ'ቶም ዝነበሩ ናይ ሓለዋ ምልሻታት ብምዃን፡ ብቡተራ ንሰርሕ ኔርና።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ልምዓት (ምዝላይ መሬት) ብሰለስተ ኪሎ እኽሊ ስርናይ ንመዓልቲ ተጀሚሩ። ኣብዚ፡ ከም በዓል ግላስ፡ እንጭናቕ፡ ጢሉ፡ ደብዓት፡ ሓጋዝ ወዘተ ዝበዝሓ ኣብ ብዙሓት ጉጅለታት ጋንታታት ተወዲቡ ስራሕ ተጀሚሩ። ኣብዚ ስራሕ'ዚ ናይ ሓጋዝ መዘጋብን ተቖጻጻርን ኩይነ ከም ተወሳኺ ክነጥፍ ጀሚረ።

***ሕራይ፡ ምስ ህዝባዊ ግንባርከ ብኸመይ ኣጋባብ ተወዲብካ? ወዲቢኻ መን ነበረ?**

ክልተሳዕ'የ ተወዲበ፣ ዝያዳ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝጠፍኩ፡ ንኻልኣይ ግዜ ምስ ተወደብኩ እየ። ቀዳመይቲ ምውዳብ ኣብ 1984 ዓ/ም ኔሩ። ሽዑ ኣብ ልምዓታዊ ማእተት እንከለና እዩ እቲ ደብዳበ ናይ ሻዕብያ መጺኡኒ። ምስ'ቶም ኣብ ማእቶት ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰብት ጸኒሐ ውድእ ኩብል ከለኹ፡ ረድኢ (ወዲ ግላስ) ምስ ሳልሕ በርበረ ዝተባህለ፡ -ኢያታተይ እዮም- "ንዓ'ስከ ወዲ ሚካል" ኢሎም ጸዊዖምኒ። ከም መእተዊ ዘረባ፡ ብዛዕባ ኣመታትራን (ምዕቃን ዛላታት) ኣመዘጋግባ ጉልበት ኣብ ማእተቶ ዝተሳተፈ ህዝብን እናሓተቱኒ ኣብ ሓንቲ ባዕላቶም ዝመረጹዋ ጽላል ገረብ ምስ በጻሕና ኮፍ ከም እንብል ገይሮም። ብዛዕባ ማእቶታዊ ስራሕ ዕላል ክቐጽሉዎ እናተጸበኹ፡ ኣብ ትጽቢተይ ዘይጸንሐ ኣርእስቲ ከፊቶም። ሳልሕ በርበረ፡ "እሞ ወዲ ሚካል፡ ካብ ሻዕብያ ደብዳበታት መጺኣናና ኣለዋ፣" ኢሉኒ።

**"ንመን!?"**

"ኣይትሰንብድ፣ ንሰለስቴና እየን መጺኣናና፣ እዚኣ ናባኻ እያ፣ እዚኣ ናተይ፣ እዚኣ ኸኣ ናይ ረድኢ፡ ኢሉ ሰለስተ ወረቓቕቲ ኣብ ኢድና ከም እንሕዝ ገይሩ። ድሒርና ኑቲ ታሪኽ'ቲ ኣልዒልና ክነዕልል ከለና ግን፡ ሰለስተ ደብዳበ ጥራይ ዘይኮና፡ ንልዕሊ 10 ሰብት ደብዳበ ከም ዝተላእከ ኣረጋጊጸ ኣለኹ።

ብመሰረት'ቲ ዝተጉበረልና ጻውዒት፡ ኣብ ከባቢ ኣሻራ ኬድና ክንረኽቦም ዝዕድም'ዩ ነይሩ። ብወገነይ ኣይተደናገኹን፣ ናብ ሳብርበጀ -ካብ ዓሻራ ክልተ ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ ዓዲ- ከይደ ኑቶም ወደብቲ ረኺበዮም። ምስኣቶም ክንራኸብ ከለና ሰዓት 10 ቅድሚ ቐትሪ ነይሩ። ምስ ተራኸብና፡ "ሕጂ ካባኻ ንደልዮ ነገራት ብዙሕ ኣሎ፣ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኴንካ ምሳና ክትተሓባበር ክትጋደል ደሊናካ ኣለና፡ … " ኢሉኒ። በዚ ምስ ተሰማማዕኩ፡ ቀጺሉ እቲ ኣብ መንጎና ኩይኑ ዘራኸቡ መስመር ሙብርሂ ሂቡ (ትግራዋይ) ጎረቤት ነይሩዎ። እዚ መኮነን'ዚ ን'ቦይ ስዩም ምስኡ ከስርሓ ደጋጊሙ ሓቲቱዎ ነይሩ። ኣቦይ ስዩም ግን ናጻ ኮይኑ ደቁ ከዕቢ ከም ዝደልይ፣ ካብ ጉዳይ ፖለቲካ ናጻ ክሓድግ ለሚኑዎ ነይሩ። ግን፡ እቲ ሻምበል



ካብ ጸጋም ንየማን፥ ኣቶ ዑስማን ሓመድኑር እብራሂም፡ ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል (ጸሓፊ)፡ ኣቶ ፍስሃ ሚካል ናሽሕ

ኣፋንዩኒ።

ብመንገዲ ነጋሲ ጭሩምን ሓደ'ውን ካልኣይ ነይሩዎ፣ ካብኡ ሓበሬታ ይቕበልን መልሲ ይሰደሉን ነይረ። ግን፡ ብዙሕ ንጥፈታት ኣካይድ ኣይነበርናን። እቲ ዝግበር ዝነበረ ምልውዋጥ መልእኽቲ ሳሕቲ'ዩ ዝነበረ። ብኡ መጠን ከኣ መልሲ ይልእኽ ነይረ። ትሕዝቶ ዝልእኮ ናይ ዝነበርኩ ሓበሬታን መጽናዕትን፡ መንነት ናይ'ቶም ምስ ሻዕብያ ዘደናገጹ ገባር፣ ምስ ኣመሓዳሪ ይኹን ምስ ስሊያ ዝሰርሑ ካብ ዝነበሩ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዘደናገጹን ብኣንጻሩ'ውን ብፍሉይ ንሰውራ ዝጻባእ ተግባራት ዝፍጽሙን ኣለልየ ሓበሬታ እልእከሎም ነይረ። ብፍላይ ከኣ ካብ ዓድታት ዝኣትዉን ካብ ውሽጢ ከተማን ምስ መረጃ ርክብት ብዛዕባ ዝጉብሩ ሰብት ብዝርዝር ጽሒፍካ ስደደለይ ይብልኒ ነይሩ። ከምኡ ድማ ይጉብር ነይረ። ሓደ ካብቶም ከምዚ ናተይ ምስ ህዝባዊ ግንባር ተወዲቡ ኣብ ሓጋዝ ዝነጥፍ ሰብ ንኣለም ጥራይ ይፈልጥ ነይረ።

***ኣለምከ መን'ዩ?**

ኣለም ቢተው፥ ብቦኡ ኢትዮጵያዊ፡ ብዲኡ ኤርትራዊ እዩ። ንሱ ከምዚ ከማይ ምስ ህዝባዊ ግንባር ተወዲቡ ይነጥፍ ነይሩ። ግን ቀልጢፉ ብጸላኢ ተኣሲሩ። ምኽንያት መእሰሪኡ፥ ሓንቲ ደብዳበ ካብ ተጋደልቲ ናብ ኣቦይ ስዩም ትውሃብ ኣብ ኢዱ በጺሓ። ኣለም፡ ነቦይ ስዩም ብኸመይ ከም ዝህቦ ተጨኒቑ። መደፋፈሪ መስተ ክሰትይ ኣምሲዩ፡ ካብ ባር ምስ ወጽአ ቀጥታ ናብ ኣቦይ ስዩም ከይዱ፡ "ኣቦይ ስዩም፡ እዚኣ ሻዕብያ ልኢኾምልካ" ኢሉ ደርብዩሉ ተመሊሱ።

ኣቦይ ስዩም ወልደጊዮርጊስ፡ ነታ ደብዳበ ከፊቱ ኣንቢቡዋ፣ "ኣቶ ስዩም ወልደጊዮርጊስ፡ ምሳና ክትተሓባበር ደሊናካ ስለ ዘለና፡ ድልውነትካ ኣረጋግጽ፡" ዝብል ጽሑፍ ይጸንሓ። ኣቦይ ስዩም ነታ ደብዳበ ምስ ተቐበለ ክሓስብ ድቃስ ስኢኑ ሓዲሩ። ኣብ ስሊያን ሓበሬታን ዝሰርሕ ሓደ ሻምበል ንምኽኢት ኣቦይ ስዩም ብቐንዕና ይርእዮ ዘይምንባሩ ብምዝካር፡ ኣቦይ ስዩም ነዛ ካብ ሻዕብያ መጺኣትካ ተባሂላ ዝተዋህበቶ ደብዳበ ምስ ሒቶ ሻምበል ኣዛሚዱ ብጥርጣረ ረኣያ።

"ኩቶ! እዛ ደብዳበ ሻምበል ክፍትሓ ዘለኣኻ ክትከውን ኣሎዋ'ምበር ሻዕብያ ድኣ ኣበይ ትፈልጠኒ" ኢሉ ደምደመ። ንንግሆኡ'ውን ንሻምበል ጉስዩ ነታ ወረቐት ናብ ልዕሊኡ ዝነበረ ሓላፊ (ናይ ክፍሊ መረጃ) ሒዙዋ ብምኻድ፡ "እዛ ወረቐት ኣለም ቢተው 'ናይ ሻዕብያ መልእኽቲ እያ፣' ኢሉ ኣምጺኡለይ" ኢሉ ኣረኪቡዎ። እቲ ሓላፊ ብወገኑ፡ ተርጓማይ ጸዊዑ ኣብ ቅድሚኡ ከም እትንበብ ገይሩዋ። ከም ሳዕቤኑ ኣለም ቢተው ብጸላኢ ተታሒዙ ኣብ ማርያም ግንቢ ተዳጕኑ። ንኽልተ ዓመት ኣቢሉ ምስ ተኣስረ፡ ኣሕዋቱ ካብ ኢትዮጵያ መጺኦም ዘውሃብ ሂቦም ኣፍቲሖም ሒዞሞ ንዓደምሓራ ወሲዶሞ።

*** ናትካ ውድባዊ ንጥፈታትከ ከመይ ቀጺሉ?**

እቲ ናባይ ዝላኣኽ ዝነበረ ሰብ'ውን ጠፊኡኒ፣ ርክብ ተቛሪጹ። ንሱ'ውን ምስ ናይ ኣለም ቢተው ዝተኣሳሰር ጉዳይ ግዲ ነይሩዎ ኮይኑ፡ ካብ ሽዑ ጠፊኡኒ። ዝጸንሓኒ ውድባዊ መስመር ተብቲኹ ስሩዕ ስርሐይ እናካየድኩ ከለኹ ግን ብ1987 ሓምደ ሕጃይ ሃንደበት ሓንቲ ክትሰራሕ ዝተዋህበቶ ውድባዊ ዕማም ንኽተሓባበሮ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ሒቶ ኣቕሪቡለይ፥

"ፍስሃ፡ ናይ ሻዕብያ ወረቐት ኣብ ኢደይ ኣሎ ክንንብትኖ ሓልወኒ" ኢሉ ብጋህዲ ኣካፊሉኒ። ምስ ሓምደ ሕጃይ ደቂ ዓዲ ኢና፣ ዳርጋ ከም ኣሮን ወድን ፍቕሪ ስለ ዝነበረና፡ ሓድሕድ ምትእምማን ነይሩና። ንሕቶኡ ተቐቢለ፡ ካብ ሹቕ ክሳብ እንዳ ፖሊስ ዘሎ ከባቢ ባዕለይ ቡቲዮ። እቲ ንፋስ'ውን ሓጊዙኒ፣ ኑቲ ወረቐት ካብ ኢደይ መንጢሉ ባዕሉ ኣብ ኣፍደገ እንዳ ፖሊስ የብጽሐ ነይሩ። ኑቲ ዝነበረ ወረቓቕቲ ለይቲ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ቡቲንና ወዲእና። ሓምደ ናብ ቤተ-ክርስቲያን ገጹ ብምንቅስቓስ'ዩ ቡቲኑ። ዓዲ፡ ንጽባሒቱ ብወረቓቕቲ ዕንባባ መሲላ ኣርፊዳ።

እዛ ስራሕ'ዚኣ ተፈጺማ፣ ግን ኣነ ሸለልትነት ኣርእየ። ቀሊል ዘይኩነ ሳዕቤን ከኣ ኣኸቲላትለይ። ኑቲ ወረቓቕቲ ቡቲነ ምስ ወዳእኩ፥ ንትሕዝቶ ናይ ዝቡተንናዮ ወረቓቕቲ ክንብቦ ስለ ዝደለኹ ሓንቲ ወረቐት ኣብ ትሕቲ ካምቻይ ወቲፈ ብምትራፍ ናብ ቦታይ እናተመለስኩ፥ መሓመድ ዝበሃል ኣብ እንዳ መስተ ጸኒሑ ንገዛኡ ዝኸይድ ወዲ፡ ብቕድሚት መጺኡ ኣብ ጸቡብ መንገዲ ጎፍ ኢሉኒ። ነታ ብትሕቲ ካምቻይ ዝሓብእኩዋ ወረቐት ርእሳ ተቐልቂላ ስለ ዝረኣያ ቦግ! ኣቢሉ መንጢሉኒ። ከሕድግ ፈንጠርጠር ኢለ ግን ኣይከኣልኩን።

መሓመድ፡ ናይ ተሓኤ ተጋዳላይ ዝነበረ ሰንኪሉ ሱዳን ክነብር ጸኒሑ፡ ካብኡ ተመሊሱ ንጸላኢ ኢዱ ዝሃበን ኣብ ሓጋዝ ዝነብርን ሰብ እዩ። "ሃባ!" እንተበልኩዎ ከሊኡኒ። ንሱ ድልዱል ጎበዝ፥ ኣነ ደቂቕ ብምንባርና ብሓይሊ ከግድፎ ኣይከኣልኩን። ንናይ ወተሃደር ግርማ መንሰይ ብዙሕ ክብሪ ከይሃበ ሒዙዋ ከይዱ። ወዲ ዓድን ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጠኒ ሰብን ብምንባሩ፥ ኣሕሊፉ ንጸላኢ ክህበኒ'ዩ ኢለ ኣይሓሰብኩን።

መሓመድ፡ ንግሆ ካብ ምድቃሱ ምስ ተበራበረ ኣንቢቡዋ። ማዕረማዕረኡ ሓጋዝ ወረቐት ተቡቲኑዋ ከም ዝሓደረ ምስ ፈለጠ፥ ነታ ካብ ኢደይ ዝመንጠላ ወረቐት ናብ መሓመድ ስዒድ ሙሳ ኣማሓዳሪ ሓጋዝ ኣረኪቡዋ። "እዚኣ ካብ ኢድ ወዲ ሚካል መንጢለያ" ኢሉ ሂቡዎም።

ብወገነይ ኣብዚ ብዙሕ'የ ዘንጊዐ። መሓመድ ነታ ደብዳበ ክሳብ ዘረክባ ከይዓጠጠኒ ቀሲነ ተጸቢየዮ'ምበር፥ ብዙሕ ናይ ምክልኻል ሜላታት ክጥቀም ይኽእል ነይረ። መሓመድ ምስ ኣቃልዓኒ ግን፥ ብቐጽበት ጸጥታ መንግስቲ መጺኦም ኣብ ሓንቲ ወተሃደራዊት መኪና ኣሳፊሮም ናብ መንጠር እዝ ከረን ወሲዶምኒ። ጽባሕ ናይቲ ወረቐት ዝተቡተነሉ ንግሆ ምሳይ ሻሂ ክሰትዩ ዝተራእዩ ንፈረጅ ያሲንን ማሕሙድ ያሲንን (ኣሕዋት) እውን ምሳይ ለኪሙዎም። ኣብ ከረን ንሓደ ወርሒ ተኣሲርና፡ ካብኡ ማርያም ግንቢ ሓሊፍና።

እቶም ብጾተይ ወላ ሓንቲ ዝፈልጡዎ ጉዳይ ኣይነበሮምን። ምስ ፍስሃ ኣምስዮምን ኣርፊዶምን'ሞ፥ እቲ ዝተቡተነ ወረቓቕቲ ንሳቶም ዘምጽኡ ክኸውን ኣለዎ ተባሂሉ፥ ጥርጣረ ጥራይ ሒዞም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕኖም ጨፍጪፎሞም። ኣነ ግን ወተሃደር ምዃነይ ጠቒሙኒ፣ ተወሳኺ መረጋገጺ ክሳብ ዝረኽቡ'የም ይመስለኒ፡ ኣይተሃረምኩን። ግን፡ ካብ 1987 ክሳብ 1988 (ከባቢ ሓደ ዓመት) ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ጸኒሕና።

**ይቕጽል**

**ማ/ምርምርን መጽናዕትን**

**ቤ/ጽ ጠ/ሓ/ስታፍ ሓ/ምክልኻል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ፍናን ብርሃ ተስፋይ፡ ተኸሳሲ የውሃንስ ደሳለ ዐቅባትንኣሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ዳኒኤል ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ብመንገዲ ብፍ/ሰ/መሰል ኣቶ ዩድቲ ምሕበር ምትሕግጋዝ ታቦት ማስቀል ጸጸራት 1 ኣቶ ሃብተም ኣማኑኤል ባርያጋብር 2 ኣቶ በራኺ ኣብርሃም ሃብተማርያም 3 ኣቶ ቴድሮስ ተክሌ ርእሶም ናይ ፈጻሚ ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙዃኑ ንሕብር።

ኣብርሃም በየነ ኣርኣያ፡ ኣደይ ኣብርሀት ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረስላሴ ስለ ዝዋረፈት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ ሞንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ጸገርማን ተኸስተ ኣርኣያ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሄኖክ የውሃንስ ሃይለ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙዃኑ ንሕብር።

የሲየስ ክፍሎም ሃብተሚካኤል፡ ምግቢ ተረፉ፡ የሲየስ ክፍሎም ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ። ብፍ/በ/መሰል ኤስ ኣኣኢንተር ብሕቲ ማሕበር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ቁ/1ንቁ3 ንዅሎም ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘለኹም ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣማኑኤል ወልደሰላሴ ብዋልቲ ቤተይ ሳባ ተስፋጋብር ቦጋለ ስለ ዝተሰውኣት ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1 ደወድና ከኣ ወረሲ ሙዃኑ ይረጋገጸለይ 28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መንደፈራ

የናታን ዳዊት ዑቕባማርያም ምግቢ ተረፉ፡ ብርሃ ዳዊት ዑቕባማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሶማ መሓመድ ኑር ገዝበ ብሕ/ ወኪል ኣቶ ሓሰን መሓመድ ዐሰማን ኣብለን ኣሕዋተይ 1 ወ/ሮ ስዕዲ መሓመድ ኑር ገዝበ 2 ወ/ሮ ዘማዝም መሓመድ ኑር ገዝበ ቅድሚ 49 ዓመት ምስ ወጻ ጸሃይ ስለ ዘይብለይ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብወከለን ወይ ባዕለን ይቅረባ ስለ ዝበለት ዝቃወን እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ኣብረት ተከስተ ኪዳ፡ ተኸሳሲ ብርሃ ወልዱ እምባዩ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ብርኸ በላይ ክፍሉ፡ በዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ፍሰሃዬ ሓጎስ ስለ ዝዋረፈ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ሙዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲዓረዛ

ሓዳስ የናስ ስለሙን ምግቢ ተረፉ፡ ወ/ሮ ሰላም የናስ ስለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሰንዓፈ

ለተማስቀል ተካ ጉብረስላሴ፡ ስም ኣደይ መብራት ሓደራ ወልደኣብዝጊ ምግቢ ተረፉ፡መብራት ሃይለ ወልደኣብዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተስፋጋብር ዐባ መንገሻ፡ ኣቡሓጎይ መንገሻ ወልደማርያም ስለ ዝዋረፈ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 6+ ኣሕዋተይ ወረስቲ ሙዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መቕርካ

ሰናይት በረኸተኣብ የውሃንስ፡ ምግቢ ተረፉ፡ ሰናይት ተስፋእንድርያስ በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ዐሰማን መሓመድ ምግቢ ተረፉ፡ መሓመድ ዐሰማን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ከረን

ሳዕድያ መሓመድኑር ሕመድ፡ ስም ኣደይ ኣምና ምርኑብ ዓሊ ምግቢ ተረፉ በኺታ ምርኑብ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሓጋዝ

ጉዳን መሓሪ ባርያይ ምግቢ ተረፉ፡ ጉዳም መሓሪ ባርያይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ሰናር እድሪስ መ/ኑር ተጸዋዒ ቢንያም ኣፈወርቂ ዘርእሰላሴ፡ ት/ዕድመ 3 ደቀይ ሞግዚትነት ይሓትት ስለዘለኹ ተጸዋዒ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

ፊሊሞን ኣፍወርቂ ምግቢ ተረፉ፡ ፊሊሞን ፍጹም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ገለብ

ፋጥና ኣወድ ዓሊ ምግብት ተረፉ፡ ፋጥና ኣርባድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓረፈት ዓቤ ጃውድ ምግቢ ተረፉ፡ ምዕራፍ ዓቤ ጃውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ሓጎስ ጸጋይ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ሸዊት ንገሰ ተስፉ ስለ ዝዋረፈት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮቱ ቱሊ ኩትዲ ዓረይ፡ ኣቦይ ኖራይ መሓሪ ሞባይ ስለ ዝዋረፈ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ሰውራ ሃብተጽዮን ቀለታ፡ በዓል ቤተይ ቢንያም እስቲፋኖስ መሓሪ ስለ ዝዋረፈ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ሙዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማእከለ ተስፋማርያም ሰዩም ምግቢ ተረፉ፡ ጠዓመ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብሪክ መሓመድ ሓሰን ስም ኣደይ ቅሳዕ ሃይሰም መሓመድ ሓሰን ከምኡ'ውን ብመብሪክ መሓመድ ሓሰን ምግቢ ተረፉ፡ ጀምዕያ ባብክር ናፍዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲት ወ/ሮ ልዋም ተስፋጋብር መሓሪ ተኸሳሲ ኣቶ ርብል መሓሪ ተስፋሚካኤል ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ኣለም ፍትዊ ሓደራ፡ በዓል ቤተይ ክፍለ ኣደራጀው ሃብቱ ስለ ዝተሰውኣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ራህዋ ዑቕባይ ተስፋይ፡ በዓል ቤተይ ኣንገሶም ፍስሃየ ተስፎም ካብ ወርሒ 04/2002 ዓ/ም ጠፊኡ ደሃይ ስለ ዘይብሉ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓሰብ

ኣቶ ኣማረ ጸጋይ ጉብረሚካኤል፡ በዓልቲ ቤተይ ጸገወይኒ መንግስትኣብ ስለ ዝዋረፈት ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 4 ደቃ ከኣ ወረስቲ ሙዃናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓረጉ ጉብረስላሴ ማስፉን ፡ ምግቢ ተረፉ፡ ሓረጉ ጉብረስላሴ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኣገዳሲ ምልክታ

ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026 ካብ 18-26 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ምዃኑ ንግዱሳት ንሕድግ።

*መሸጣ ፍርያት ውሸጢ ሃገርን ወጻኣን (ባዛር)

*ምርኢት ኢደ ጥበባት መጻሕፍትን

ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትሳተፉ እትደልዩ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 10 ሓምለ 2026 ኣብ ጎደና ሰማእታት ቁ/ገዛ 31 (ኮበ ሲቲ ባርክ) ዝርከብ ቤ/ጽ ሃ/ኣ/እማባለ በዓላት መጺእኩም ክትምዝገቡ (ቅጥዒ ክትመልኡ) ንሕብር።

(ንሓፈሻዊ ዝርዝራውን ሓበሬታ ብዝምልከት ኣብ ቀረባ ወጻኢ ወግዓዊ መግለጺ ኪወሃብ'ዩ)

ቤ/ጽሕፈት ሃ/ኣ/ሸ/በዓላት

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **TesWel P.L.C** on their Extraordinary Meeting held on the 2nd day of June 2026 have resolved that;

Mrs. Asefash Hadgu has sold and transferred her 2 shares per value of 1,000.00 (One Thousand Nakfa) to Mr.Yirgealem Tesfai and withdraw from the membership of the company.

**TesWel P.L.C**

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **Societa' Immobiliare Commerciale Industrale P.L.C** on their Extraordinary Meeting held on the 2nd day of June 2026 have resolved that;

Mrs. Asefash Hadgu has sold and transferred her 4 shares per value of 1,000.00 (One Thousand Nakfa) to Mr.Yirgealem Tesfai and withdraw from the membership of the company.

**Societa' Immobiliare Commerciale Industrale P.L.C**

ሓዳስ ኤርትራ
ፍጽንት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# POSITION DESCRIPTION

| | |
|---|---|
| **Position:** | **LV Supervisor** |
| **Number:** | **02** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | |
| **Primary Responsibility & Scop of working** | • To provide repairs and preventative maintenance for all equipment to ensure optimal availability at the most economic cost |

**Duties / Functions**

- Supervise all workshop staff.
- Conduct training for workshop employees.
- Inspect and monitor work in progress and ensure quality standards are maintained.
- Co-ordinate workshop activities.
- Supervision of all workshop employees.
- Assist with monitoring inventory of all plant and equipment (including spare parts).
- Ensure compliance with safe work policies and procedures and maintain a safe and tidy work environment.
- Plan, coordinate and deliver all maintenance activities for plant, mobile equipment and infrastructure.
- Assist with the development of maintenance procedures.
- Adhere to site safety policies and procedures.
- Develop and undertake preventative maintenance programs and execute on time.
- Carry out any other duties as requested by management.
- Design and implement a preventative maintenance schedule for all equipment

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | Minimum Secondary School.<br>• Trade certificate in mechanics or equivalent work experience running a workshop. |
| **Working Experience – Nature & Length** | Minimum of 3 years supervisory in a workshop environment. |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | Minimum of 3 years supervisory leadership experience. |
| **Other skills and abilities** | • Physically fit and healthy.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>• Must be able to work and perform under pressure.<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>• Must be able to work under minimum supervision.<br>• Perform any other duties as requested by your supervisor. |

| | |
|---|---|
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |

**Additional Requirement for nationals:** - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: Seven days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲ ተስፋማርያም ተወልደ ተኸሳሲ ተወልደ ጉብረገርግሽ ኣብ ምም/ከ.ጠ. ዓሰቡይ ቁ/ጉ ሰ/452/1 ንዘርከብ መካዘይ ጨው ተኸሳሲ ንበረቱ ከይልዓለ ዝበል ክሲ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዑ ብኣካል ወይ ብሀጋዊ ክኣል ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ። እንተዘይቀሪቡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ሙኻኑ ንሕብር።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ከተማ መንደፈራ ከ.ጠ. ዳንደረ ጌት ፍሉይ ሽሙ ጸጸር ኣብ ተባሀለ ቦታ መ.ቁ 6100304DA000501 ቁ.ቅ 04501 ብስመይ ዝተማዘበ ውዕል ክራይ መሬት (ሊ.ዝ) ስለ ዝጠፋኣኒ፤ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐ.ዞ ዝበል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፤ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07143035 ክሕብረኒ እንተዘይርክይት መተካእታኡ ክሓትት ሙኻኑይ እሕብር።

ዶር. ምስጥና የሴፍ

---

ኣብ ኢሰት ኣፍሪቃ ጽዕነት ትራንስፖርት ሓ.ዝ.ብ.ማ ብዕለት 15/04/2026 ኣብ ዝገበሮ ዘይስሩዕ ኣኼባ 292 ብርኪ ንሓደ ብርኪ ዋጋ 1,000.00 ናቅፋ ድምር 292.000.00 ናቅፋ ናብዞም ስዒቦም ተጠቒሶም ዘለው ከሸየጥ ብምሉእ ድምጺ ወሲኑ የሕሊፉ።
1 ኣቶ ሄኖክ ተኽለማርያም 200 ብርኪ ወ/ሮ ቤታኤል ተኽለማርያም 92 ብርኪ ገዚኦም ኣትዮም።
በዚ መሰረት ሀሉ ብርኪ ኣባላት እዚ ዝስዕብ እዩ።

| ስም ኣባላት | ብዝሒ ብርኪ | ዋጋ ብርኪ |
|---|---|---|
| 1 ኣቶ ተክለማርያም ባይራይ | 1305 | 1,305,000.00 |
| 2 ወ/ሮ ጌት ዘካርያስ | 700 | 700,000.00 |
| 3 ወሮ ቤትኤል ተኽለማርያም | 100 | 100,000.00 |
| 4 ኣቶ ሄኖክ ተኽለማርያም | 200 | 200.000.00 |
| ድምር | 2.305 | 2,305.000.00 |

ኢሰት ኣፍሪቃ ጽዕነት ትራንስፖርት ሓ.ዝ.ብ.ማ

---

To: Ministry information
Marketing section
Asmara

Subject: Vacancy Announcement

The Project Management Unit of the Ministry of Health seeks to employ competent candidate on contractual bases for the following post.

Job Title: Secretary

1. Number required — One (01)
2. Place of work — Asmara HQ.
3. Education — Diploma in Secretarial Science.
4. Work experience — 5 years and above.
5. Skill requirement — secretarial works, office management, typing, filing, Distribution and handling of correspondences and documents, register.
6. Other skill — Computer literacy.
7. Salary — As per project scale
8. Age — 40 -45 years
9. Sex — Female
10. Closing date — 7 days from the date of this announcement.
11. National Service — Having fulfilled or officially exempted.

Interested candidates are requested to submit their letters of application, current CVs, work experience credentials and other relevant documents. All applicants should submit their documents to Project Management Unit/MOH P.O.Box 4899, Tel. 122978 and 124360. Asmara Eritrea.

Awet Nhafash!

---

### ሓራጅ

ኣብ መንካ ብፍ/ሰ.ብ ማሰል፡ ኣብርሃም በርሀ+310 ን/ብፍ/ዕዳ ትእማር ኣልኣዛርን ዘሎ ጉዳይ 6ይ መጋ/ፍ/ቤ/ፍርዲ ብቁ/መዝ 15/20 ርእዩ ብ12/05/2026 ብዝሃቦ ትእዛዝ እቲ ኣብ ኣስመራ ቃሓውታ፡ ጉደና 713 -12 ቁ ገዛ 23 ዝርከብ ናይ ኸፍሰሆር ኣልኣዝር ተኽለ ገዛ ኣብ ቀንዲ ገዛ 4 ክፍልታት 2 ዓይኒ ምድርን ዝሓዘ ብሰሊታ ዝተሰርሐ ኣብ ሰርቨስ ደማ 3 ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታትን 1 ዓይኒ ምድርን ዘጠቓለለ ብሓራጅ ተሸይጡ መክፈሊ ዕዳ ክኸውን ስለ ዝኣዘዘ።
እዚ ብዓል ሞያ 126,254.86 (ሚእትን ዕስራን ሽደሽተ ሽሕን ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ኣርባዕተን 86%) ናቕፋ ስለ ዝተገመተ ክውዳደር ዝደሊ ሰእ ሰሙን ዝጽሕ ማጠን ፐዝዙብን ጠቒሱ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ቤ/ጽ/ፈጻሚ ፍርዲ ፍ/ቤ/ፍርዲ ቁ/15 ዝርከብ ሳጹን ክኣቱ ይኽእል።
ዝኾነ ሓበሬታ ዝደሊ ናብ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/13 ክውከስ ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይቀረበ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ 25/09/2026
ቦታ ሓራጅ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ፍ/ቤ/ፍርዲ ቁ15
ሰዓት ሓራጅ 10:00-11:00

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ምም/ከ.ጠ. ከተማ ማይድማ፡ ኣብ ዞባ 2 ካብ እንዳ ቤርድራ ንምብራቕ ዝርከብ መሬት ዘይተደነካ ምርሒት መሬት ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ ረኺበዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሐ.ዞ ዝበል እንተሃልዩ ብቁ ሞባይል 07222613 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይርክይት ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ኣዳም ጣህር ማሕሩፍ

---

## Notice

Notice is hereby given to the public that Hilna Private Limited Company is formed among the following members.
Name; Nationality:
Address; Shares;
1. Mr. Ghirmay Andebrhan Gebremichael, Eritrean, Asmara, Eritrea 50 %
2. Mrs. Trhas Tesfahuney Ghebremichael, Eritrean, Asmara, Eritrea 25%
3. Mrs. Ruta Yosief Asmelash Eritrean, Asmara, Eritrea 25%
4. The head office of the company shall be in Massavwa, Eritrea. However, branch offices may be opened within the various regions of Eritrea.
5. The Company has a share capital of 500,000.00 (five hundred thousand) Nakfa at Par value of 5000 (five thousand) Nakfa. All subscribed and fully paid up in cash.
6. The business objectives of the Company includes:-
A) Provide clearing and forwarding services:
B) Open and manage travel agency, tour organizing and tour services,
C) Provide car rent and car wash services:
D) Engage in cargo handling services,
E) Engage in import/export, wholesale and retail business;
F) Generally, the Company shall involve in all such other businesses activities as may appear to it incidental or conducive to the attainment of the above objectives or any of them.
7. The Company is established for unlimited period of time
8, Mr. Ghirmay Andebrhan is appointed as general manager of the company for unlimited period of time.

Hilna Private Limited Company

# ካብ ደብሪ ናብ ገድሊ

መብራህቶም ዢብረሂወት
ህዝባዊ ርክባት ሚ/ሪ ሕርሻ ጋሽ-ባርካ

5ይ ክፋል

**• ኣብ ውግእ ሰምሃር ብፍሉይ እትዝክሮ ኩነታት እንታይ ኣሎ?**

ተጋዳላይ ዝፍጽሞም ዝነበረ መስተንክራት፡ ሓደ ካብቲ ሓደ ፈሊኻ ዘይርአ፡ ብርቅን መስተንክርን'ዩ ነይሩ። ኣብቲ



ተጋ/ ገብረእየሱስ (ሃለቃ)

ውግእ ቁሩብ ተዛማዲ ሓጺር ዕረፍቲ እንተ ረኺብካ "እዚ መስተንክር'ዚ ብሰባት ክፍጸም ምኽኣሉ እንታይ እዩ እቲ ስዉር ሓይሊ? ትብል። ኣብ ውግእ ሰምሃር እቲ መጥቃዕቲታት ቀዋሚ፡ ህጁምን ተንቀሳቓስን ባህርያታት እዩ ዝነበሮ። ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ንምቁጽጻር ጀጋኑ ተጋደልቲ ብእተፈላላዩ ሸነኻት ንቕድሚት እናገስገሱ የጥቅዑ ነበሩ። ኣብ ገርገሱም፡ ሳሊና፡ ግራር፡ ዕዳጋ፡ ጥዋለትን ካልእን ዝተፈጸመ ቅያታትን መጠን ዘጋጠመ መውጋእትን ዝተኸፍለ መስዋእትን መዳርግቲ ኣይነበሮን።

ኣብቲ ዓውደ-ኩናት ሓደ ክሳብ ሸሞንተ 'ማሕታ' እናበልና ንጽውዖ ዝነበርና ናይ ወገን ከቢድ ብረት፡ ተተኲሶቲ 'እናኣትረሩ' ናብ ሰማያት ተወንጨፎም ታንክታት ከቃጽሉን ነፈርቲ ከውድቑን እንክንርኢ ኣዝዩ ፍናን ይስማዓና ነይሩ። ብፍላይ ብምሸት ማሕ ማሕ እናበሉ ክሓልፉ ከለዉ፡ ምሉእ ተስፋ ይስማዓና'ሞ፡ ኣዚና ንሕበን ነበርና።

ኣቃውማ ናይ ውግእ ኣብ እተፈላለዩ መዳያት መቓቐልካ ክትጥምቶ እንተ ፈቲንካ'ኻ፡ ብወህደት ኣብ ውሽጢ ከተማ ባጽዕ ዘጥቅዑ፡ ብመሬት ተዘዊሮም ሓሊፎም ብሸነኽ ገማግም ባሕሪ ኣትኪሎም ዝዋደቑ፡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ተኾርዲኖም ዝነበሩ ወተሃደራት ድርግ መራኽብ ተጻዒኖም ከይወጹ ዝዓግቱን ብጸሊም ጽርግያ መስመር ኣስመራ ዓጽዮም ዝረባረቡን ተጋደልቲ ተሳጊዮም፡ ኣብ ቀርቃሪ እዋን ትንፋስ ብምስኳዕ ኣብ ጸላኢ ከቢድ ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ተጋደልቲ እናተናበቡን ተሃሪሞም ዝወደቑ ብጻዮም ከም ቅጽበት እናተክኡን መስተንክራዊ ሓርበኛነት ይፍጽሙ ነይሮም።

**• ሰራዊት ኢትዮጵያ ከመይ ዝበለ ክሳራታት ይወርዶም ነይሩ?**

ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝወርድ ዝነበረ ክሳራታት እዚ ኢልካ ክትገልጾ የጸግም እዩ። በቃ መግለጺ ትስእነሉ። ከም ትርኢተይ ኣብ ሰለስተ መቒልካ ክርአ ይከኣል። ቀዳማይ ኣብ ሂወት ጸላኢ ዝስዕብ ዝነበረ ቅዝፈት፣ ካልኣይ ኣብ ልዕሊ ኣጽዋሩ፡ ንብረቱን መዓስከራቱን ዝወርድ ዝነበረ ክሳራታት፣ እቲ ሳልሳይ ድማ ዘጋጥሞ ዝነበረ ክሳራታት ርእሱ ዘንጸረሩው ከቢድ ሃስያ ስነ-ኣእምሮውን ሞራላውን መውቃዕቲ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘካይዶ ዝነበረ መጥቃዕቲታት ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ገዚፍ ክሳራታት የውርደሉ ከም ዝነበረ ኣብ ባይታ ዝነበረ ወድዓዊ ኩነታት ተዓዚብና ንምግማቱ የጸግመና ኣይነበረን። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ካልእ ግንባራት እውን እንተኾነ ስርሒታትን መጥቃዕቲታትን የካይድ ነይሩ እዩ። ኩሉሙሉ ተደማሚሩ ህዝባዊ ግንባር ንደርግ "መንደዓት ኣብ ርእሲ ጉሩንጉራት" እዩ ኮይንዎ ነይሩ።

ኣብቲ ፈታኒ እዋን ከምቲ ቅድም ኢለ ዘተንባህኩዎ፡ ኣብ ውግእ ሰምሃር ወይ መጥቃዕቲ ምጽዋዕ፡ ጸላኢ ዝመውት ሞይቱ ዝማረኽ ተማሪኹ እዩ። ዝተረፈ፡ ሃሙን ቀልቡን ኣጥፊኡ፡ መሓውሩ ራዕራዕ ኢልዎ 'መልኣከ ሞት' ኣንጸላልይዎ ዕርቡቱ ኣኺሉ፡ ሕልፈቱ ይጽበይ ነበረ። ብግልጺ ንምዝራብ፡ ንቕያታት ተጋዳላይ ክትገልጾ ይኸብድ እዩ። ምኽንያቱ "በየናይ ክጅምር? እንታይ ክብል? ብኸመይ ክገልጾ? ብምልኣት ክገልጾ'ኸ እኽእል ዲየ? ዝብሉ ሕቶታት'የም ንኣእምሮኻ ዝብሕቱትም። እንተኾነ ታሪኽ ኣብ እዋኑ ክብርብርን ክሰነድን ስለዝግባእ ብብዓቕምኻ ክትገልጾ ትፍትን።

**• ካብ መስተንክርን ክብርታትን ተጋዳላይ፡ እቲ 'ኣዝዩ ፍሉይ እዩ' ትብሎ'ዶ መዕለልካ?**

ተጋዳላይ ዝፈጸሞ መስተንክራዊ ቅያታት ከምኡ'ውን ንሱ ዝኾስኮሶን ዝወነኖን ክብርታት ኩሉ ፍሉይ እዩ። ግና፡ብመሰረት ዝሓተትካኒ ናይ ፍሉይ ፍሉይነት ክህሉ ግድን እዩ። ናይ ተጋዳላይ ወዱ ይኹን ጓሉ ኣዝዩ ፍሉይ ዝብሎ ፍጻሚታት ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ዝመጽእ ጥርዚ ዘይብሉ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን እዩ። እቲ ካልኣይ፡ 'ናብ መስዋእቲ ምቕድዳምን ኣብ ክንዲ ብጻይካ ምሕላፍን' እዩ። ተወፋይነትን ተበጃውነትን ዝመለለዩኡ ተጋዳላይ፡ ናይ ፍሉይ 'ፍሉይ' መስተንክር ፈጺሙ እዩ። ብኣውራኡ ኣብ ንሓድሕዱ ብምትሕላይ ብፉሉይ 'ብጻይነት' ኮስኪሱ።

**• ከም ኣምር 'ብጻይነት' ብኸመይ ኢኻ እትገልጾ?**

ቃልሲ ወይ ውድብ ወይ'ውን ሰውራ ናቱ ፍሉይ መለለዩ ኣለዎ። ሕላገት ሰውራ ኤርትራ ከኣ 'ብጻይነት' እዩ። ተጋዳላይ ብጻዩ ወይ ብጻይቲ እናተበሃሃለ ይጸዋወዑ። እዚ ድማ ካብቶም ዘሕብኑ ክብርታት ተጋደላይ እዩ። ብዙ ኣፈላላይ ኣብ ሓደ ሰሚርና ኣብ "ብጻይነት" ተጠሚሩ እናገስገሰ ዓወታት ይዓትር ነይሩ። እቲ ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ሳላ ብጻይነት እዩ ተዓዊቱ ክብል እኽእል።

ዝሓለፈ ኣብ ቃልሲ ዘሰተውዓልክዎን ፍሉይ ተምሳጥ ዝፈጠረለይን ጦብላሕታ ኣሎኒ። ኣብቲ ፈለማ ሕሉፍ ናይ ገዳማዊ ህይወት ድሕረ-ባይታይ ነጺሀ ኣዕሊለካ እየ። ቅድሚ ናብ ገድሊ ምውጻአይ ኣብ ደብሪ ዝነበርኩን መዓርግ ዲቁና ዝተቐበልኩን



ተጋ/ ገብረእየሱስ ምስ ብጾቱ

ምኽንያይ ገሊጸልካ ነይረ እዩ። ከም ሱብ ኣብ ህይወተይ "ንብጻይካ ከምንብሰኻ ኣፍቅሮ" ከማኡ'ውን "ሱብ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ብጾቱ በጃ ኩሓልፍ፡ ካብዚ ዝዓበ ፍቕሪ የልቦን" ዝብሉ ናይ እምነት ጽሑፋት ኣለዉ። እዚኣቶም ኣብ ገድሊ ኤርትራ ብግብሪ ርእየዮም። ኣብ ክንዲ ብጾትካ ምሕላፍ፡ ተጋዳላይ "ኣነ ኩሓልፍ ንሰኻ ጽናሕ" ብዝብል ረዚን ሓልዮት ይፍጽሞ ነበረ።

**• ኣቃውማ ኣሃዱታት ውግእ ሰምሃር ብኸመይ ይግለጽ?**

እቲ ውግእ ከበባ ዝመለለዩኡ እናጸበበ ይኸይድ ነይሩ። ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ንምቁጽጻር፡ ኣብቲ ውሳኒ ግጥም እተፈላለያ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ተሳቲፍቲ ነይረን። ብሓፈሻ እቲ ውግእ እተፈላለዩ ኣሃዱታት ዝተሳተፍዎ ምኻኖም ኣይስሓትን። ንምጥቃስ ዝኣክል ግና ካብ ደንጎሊ ክሳብ ገማግም ቀይሕን መስመር ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራን ካልእን ተዘርጊሖ ካብ'ተን ንጸላኢ ብንረርኡ ዝዓጸዋ ተኻፊልቲ ናይ'ቲ መስተንክራዊ ውግእ ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ንምጥቃሱ ብርጌድ-23፡ ብርጌድ-44፡ ብርጌድ-70፡ ቦጦሎኒ-58፡ ከምኡ'ውን ኣሃዱታት ከቢድ ብረት፡ ሃንደሳን ካልኦትን ዝርከበአን ኣሃዱታት ዘካተተ ውግእ ምንባሩ እዝክር።

**• ኣሃዱኹም ቦጦሎኒ 3 ኣበይ ዓሪዳ ነይራ?**

እቲ ውግእ ስልትታት ብምቕይያር ብቐዋምን ምንቅስቓስን እዩ ዝካየድ ዝነበረ። ህጁም ኣጥቂዕካ ጸላኢ ኣሳጉምካን ደምሲስካን ትምለሰሉ ስርሒታት ነይሩ። ኣሃዱና ብርጌድ 23፡ ቦጦሎኒ 3፡ ድፋዕናን ምንቅስቓስናን ካብ ከባቢ ደንጎሊ፡ገማግም ባሕሪ ጎርገሱምን ካልእን ተዘርጊሕና ነጥቅዕ ነይርና። ብምንቅስቓስ ክሳብ ደማስን ከባቢኡ ብእግሪ ብምጉዓዝ ብቐጥታን ከምኡ'ውን ከም ተደራቢ ሓይሊ (ደገፍ) ብምስላፍ ወይ ብምዕራድ ኣብ መስርሕ 'ተንቀሳቓሲ ውግእ' ብምውፋር ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ደምሳሲ ስርሒታት ብምኽያድ ተራ ኣሃዱና ልዑል ምንባሩ ክጠቅስ እኽእል።

ኣብ መስርሕ ውግእ እንከለና ኣባላት ብርጌድ 23 ማለት ወዲ-ፍላንሳ፣ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 3 ኣዘዝቲ ሓይሊ መሓመድ እስማዒል፡ ጀሊዕ ወዲ ስሑል-ኩብሮምን ካልኦትን ዝነበሩሉ ዕለት 25 ጥሪ 1978 ንድፋዕ ሳሊናን ፋብሪካ ስሚንቶን ዝጠመተ ኣንፈት ኣቐኒዕና ተሰሪዕና ጸሊም ጽርግያ ቅጥራን ሒዝና ብምሕላፍ፡ ጉዕዝና ብምቕጻል ወጋሕታ ደጎሊ ኣቲና፣ ቦታና ድማ ሓዝና። ሓደ ምሸት ኣዛዚ ቦጦሎኒ 3 ኢሳይያስ (ወዲ ፍላንሳ) ኣከቡ ቁመናኡ ኣመዓራርዩ ኣትሪሩ ብምርጋጽ ኣብ ቅድሚና ደው ኢሉ፡ ገጹ ኣዕትብ ኣቢሉ ሓጺርን ርጡብን መደረ ኣስሚዑና። ብምሉእ ርእሰ-እምነት፡ "ብጾት፡ ኣብ ደንጎሎ ዓሪዱ ዝርከብ ጸላኢ ክንድምስሶ ኢና" በለና። ቦጦሎኒ ምሉእ፡ ተሓጊስና ብልዑል ብወኒ ድማ ኣጣቒዕናሉ።

ይቕጽል



ተጋ/ ገብረእየሱስ - ኮፍ ካብ ዝበሉ የማናይ


# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ሕጓጋዱ ካእምሮ

### ካእምሮና ኻእዘዞዶ ይእዘዘና፥

ዘለናዮ ዘመን፡ ብመሃኣዝነትን መነባብሮና ብዘቃልል ብርቂ ዝኾነ ተክኖሎጅያዊ መሳርሒታትን እዩ ዝፍለጥ። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ከኣ እዚ ዘመን'ዚ ዝፍለጠሉ ዕቤትን ምዕባለን ጠንቂ ምውሳኽ ጸቕጢ ኣእምሮን ቀዛነትን ኮይኑ ኣሎ። 'ጸቕጢ' ዝብል ኣምር ፈለማ፡ ኣብ ዓውዲ ስነ ኣእምሮ ግዱስ ብዝኾነ ሃንስ ሰሊ እዩ ኣፍልጦ ረኺቡ። ሃንስ ሰሊ "ጸቕጢ ማለት ሓደ ፍጡር፡ ንኹሉ ዓይነት መጥቃዕቲ ወይ ጕነጽ፡ ንምርዓምን ምልምማድን ዘርእዮ ኣእምሮኣዊ ግብረ መልሲ እዩ፡" ብምባል ይገልጾ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሕብረተሰብ ደረስትን ግዙኣትን ናይቲ ዝኸድዎ መስርሕ ፍልቀት ኮይኖም ይርከቡ። ቅድሚ ዘመናውነት፡ ደቂ ሰብ ክርዕምሞ ዝግደድ ዝነበረ ኵነታት፡ እቲ ብተፈጥሮን ኣከባብን ዝኸሰት ዝነበረ ኵነታት እዩ ነይሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ሰባት ባዕልና ብእንፈጥሮ ዘሎና ኵነታት ኢና ንጽሎ ዘሎና። እዚ ከኣ ዘይጽንቀቕ ምንጪ ኣእምሮኣዊ ዘይምርግጋእ ኮይኑ ይርከብ። ሻቕሎት፡ ፍርሒ፡ ወትሪ፡ ጭንቀት፡ ጓሂን ቀዛነትን ዝኣመስለ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዘይምቹኡነት ምስ ጸቕጢ ቀጥታዊ ዝምድና'ዩ ዘሎዎ። ዓውዲ ስነ ኣእምሮ ምስ በጺሕዎ ዝርከብ ምዕባለ፡ እዚ ኣቐዲምና ዘዘርዘርናዎ ሳዕቤን ጸቕጢ ከነለልዮን ፈውሲ ክንረኽበሉ ዝሓሸ ኣማራጺታት ኣዋዲዱልና እዩ። እንተኾነ ካልእ ንምልላዩ በዳሂ ዝኾነ፡ ኣብዚ ዘመነዐ ተክኖሎጅን ሓበሬታን ብብዝሒ ዘሳቕየና፡ ኣእምሮኣዊ ዘይምቹኡነት ግን ኣሎ። ሎሚ እምበኣር ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ እነማርረሉ ዘሎና ጕዳይ ከነልዕል፣ ሕንጋደ ኣእምሮ።



'ምሕንጋድ' ዝብል ቃል ክንሰምዕ እንከላና፡ ልቢ ዘይቑጸረ ቁልዓን ኮተቴን ወይ ከኣ ካብ ስነ ምግባር ወጻኢ ባህሪ ዘሎዎ እኹል ሰብ ኢዩ ኣብ ሓንጎልና ዝመጽእ፣ ይኹን እምበር ኣእምሮ'ውን ይሕንግድ እዩ። ኣብ ሓደ መዓልቲ ክንሰርሖ ዝግባእ ስራሕ ንመዓልታት፡ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት እናኣሰጋገርና ምስርሑ ምስ እንስእን፡ እንሓስቦን እንምድቦን ኣብ ተግባር ከነውዕል ምስ ዘይንኽእል፡ ኣገዳሲ ምኽኑ እንኣምነሉ ስራሕ ተበግሶ ወሲድና ክንጅምሮ ምስ እንጽገም፡ ብዘይ ድፍኢት ካልእ ሰብ ወይ ኵነታት ስራሕና ጀምሪና ክንውድእ ምስ ዘይንኽእል፡ ወዘተ ምልክታት ምሕንጋድ ኣእምሮ እዩ። ኣእምሮና ድዩ ዝእዝዘና ወይስ ንሕና ኢና ንኣእምሮና ንእዝዞ፧ ንሕናን ኣእምሮናን እንታይ ፍልልይ ኣለዎ፧ ኣእምሮና ዝብሎ እንተ ዘይተኣዚዝና ድኣ ንመን ክንእዘዝ፧ ዝብል ክትዓት ይለዓል እዩ። ኣእምሮናን ንሕናን ሓደ ንኾነሉ ግዜ ኣሎ፣ እንፈላለየሉ ግዜ ከኣ ኣሎ። ኣዕሚቕና ዝሓሰብናሉን ዝወሰናዮን መደባት ኣእምሮና ክተግብሮ እንከሎ ኣእምሮና ንሕናን ሓደ ንኸውን፣ ንሕና ንኣእምሮና ንእዝዞ ኣለና ክበሃል ይከኣል። ኣእምሮና ነቲ ኣዕሚቕና ዝሓሰብናሉን ዝወሰናዮን መደባት ገዲፉ ብኻልእ ክምራሕ እንከሎ ከኣ ንሕናን ኣእምሮናን ንፈላለ። ዝበዝሐ ግዜ ኣእምሮና ኣንጻር'ቲ ዘገድሰናንን ዝመደብናዮን መደባት ምስ ዝጓዓዝ ብኸመይ ነማእዝኖ ኣፍልጦ ስለ ዘይጸንሕና ኣእምሮና በብዝበለና ክንምራሕ ንርአ።

ምስ ኣእምሮ ዝተሓላለዘ ንጥፈት ዘሎዎም ሞያተኛታት ብምሕንጋድ ኣእምሮ ቀንዲ ካብ ዝሳቐዮ ሰባት እዮም። ምስ ምዕባለ ተክኖሎጂ ዓይነታት ስራሕ ካብ ኣካላዊ ናብ ኣእምሮኣዊ እናተሰጋገረ ይኸይድ ምስ ምሕላዉ ከኣ እዚ ተርእዮ ንኹሉ ሞያተኛ ክሸግር ምኽኑ ይበርሃልካ። ኣእምሮ እንታይ ምስ ዝኸውን እዩ ዝሕንግድ፧ ቀዳማይ ረቛሕ. ድኻም ስምዒት ህዋሳት እዩ። ኣእምሮና ብብዝሒ ዝሰላሰል ሓበሬታን ሓሳብን ምስ ዝህልዎ ክደክም ንቡር እዩ። ምሉእ መዓልቲ ብእግርና ክንጓዓዝ እንተ ውዒልና ኣካላትና ይደክም። ምሉእ መዓልቲ ፊልም ክንርኢ ውዒልና ከኣ እቲ ክሰርሕ ዝውዓለ ናይ ስምዒትን ህዋስን ነቲ ሓበሬታ ክሰላሰል ዝወዓለ ክፋል ኣእምሮና ይደክም። ከምቲ ደኺመን ዝወዓላ ኣእጋር ምኻድ ዝሕንግዳ፡ እቲ ክሰርሕ ዘውዓለ ኣእምሮ ከኣ ክሕንግድ ናይ ግድን እዩ።


ካልኣይ ረቛሕ. ከኣ ደጋዊ ጽልዋ እዩ። ተክኖሎጂ ንመነባብሮና ዘቃልል ዓቢ ኣስተዋጽኦ እኳ እንተገበረ፣ ብዘይ'ቲ እንጠቀመሉ ዘሎና ዓይነት ተክኖሎጂያዊ መስርሒታትና ክነብር ከም ዘይንክእል ግን ገይሩና እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዘይ ተለፎና ክንቀሳቐስ ወይ ክንሰርሕ ዘይንኽእ ኮይና ንርከብ ኣሎና። ኣእምሮና ብትግሃትን ኣድህቦ ክሰርሕ እንተኾይኑ ብዘይካ እቲ ዝሰርሖ ዘሎ ንጥፈት ካልእ ኣብ ከባቢኡ ዝጸሉ ክህሉ የብሉን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ካብታ ባዕልና ብተጋጋሚ እንጠዋውቓ ሞባይል ጀሚርካ፡ ዲጂታላዊ ሰዓት፡ ላፕቶፕ፡ ታብለት፡ ተለቭዥን ካልእ ብርክት ብዝበለ መሳርሒታትን እናተጓናደብና ኣብ ክንሰርሓሉ ዘይንኽእል ደረጃ በጺሕና ንርከብ። እዚ ደጋዊ ጽልዋ ኣእምሮና ካብ ግብኡ ንላዕሊ ክሰርሕን ክደክምን ካብ ዝድርኹ ረቛሒታት ሓደ እዩ። እቲ ሳልሳይ ረቛሕ. ትሑት ምልመላ ኣእምሮ እዩ። ኣእምሮ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ኣከባቢ ዘጓንፍ ለውጥታት እናተማህረን እናረዓመን እዩ ክኸይድ ጸኒሑ። ናይዚ ግዜ'ዚ ፍሉይ በዳህን ዝገብሮ ኣዝዩ ቅልጡፍ ምኻኑ እዩ። ኣእምሮ ነቲ ዘሎ ኵነታት ዝኸውን ሜላ ክዕብን ክምልመልን ግዜ ምስ ዘይረክብ ተሰፋ ቈሪጹ ክሕንግድ ይኽእል። እዚ እንጥቀመሉ ዘለና መሳርሒታት ኣብ እንደልዮ ግዜ ጥራይ ክንጥቀመሉ ኣብ እንሕልነሉ ግዜ ነብስና ክንገትኣሉ እንኽእል ሜላ ስለዘይጽንሕና ክነግብሮ ኣይንኽእል።

---

## ኩሉ ግዜ ዲና ንውሽጥና ክንሰምዕ ዘሎና፥

ዝበዝሐ ጽሑፋት ስነ ኣእምሮ ወይ ስነ ልቦና ውሽጥና ክንሰምዕን ውሽጥና ዝብለና ክንገብርን'ዩ ዝመክር። ውሽጥና ግን እንታይ እዩ ዝብለና፧ ኩሉ ውሽጥና ዝብለና ክንሰምዕን ከነተግርን ድዩ ዘሎና፧ እቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓሳብን ስምዒትን ኣንጻር ጥቕምና ምስ ዝኸውንከ፧ ውሽጥና ክንሰምዕን ክንኀስን እንታይ መለክዒታት ኣሎ፧ ብኸመይከ ውሽጥና ክስማዕ ኣለዎ ወይ የብሉን ኢልና ክንግምግም ንኽእል፧

ሓንጎልና ወይ ኣእምሮና ብዙሕ ስራሕ እዩ ዘሎዎ። ገለ ንጥፈታት ኣእምሮና ዝገብሮ እዩ፣ ገለ ከኣ ኣእምሮና ዝእዝዞ እዩ። ንኣብነት፥ ሓሳብ፡ ምሉእ ብምሉእ ናይ ኣእምሮ ስራሕ እዩ። ምስ ሓሰብካ ምዝራብ ከኣ ዋላ ድኣ ኣእምሮ ይኣዝዞ፡ ናይ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት ንጥፈት እዩ። ስምዒት'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ኣእምሮ ይፍጠር፡ ግብረ መልሲ ስምዒት ግን ብዝተፈላለየ ኣገባብ እዩ ዝንጸባረቕ። ውሽጥና መበገሲ ኩሉ'ቲ ብደገ ዝረአ ነጸብራቕ እዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጢ ዝፍጠር ኣብ ደገና ከኣ ዝንጸባረቕ ግብረ መልሲ፡ ብኸመይ ንመምዮን ነማእዝኖን ንዝብል ሕቶ ኣብ ኣርባዕተ ነጥብታት ከፋፊልና ክንርእዮ፣



### ኣድሆቦ

ኣድህቦ ስራሕ ናይ ኣእምሮ እዩ። ናይ ስምዒት ህዋሳትና ኣብ ከባቢና ዘሎ ኩሉ ሓበሬታ ይእክብን ንኽሰላሰልን ክስነድን ናብ ሂፖካምፓስን ኣመግዱላን ዝበሃል ክፋል ሓንጎል ይሰድድን። ኣእምሮኣን ግን ኩሉ ብስምዒት ህዋሳት ዝወሃቦ ሓበሬታ ኣይኮነን ዘሰላስልን ዝስንድን። እቲ ኣድህቦ ዝሃብናዮ ጥራይ እዩ ዝሰላሰልን ዝስነድ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብ ጽልዋ ሃዲምና ወይ ተሓቢእና ክነብር ኣይከኣልን እዩ። ነየናይይ ኣድህቦ ንህቦን ንኽልኦን ግን ምርጫ ኣሎና ማለት እዩ። ስለዚ ኣእምሮና ኣብ ዘየገድሰና ነገረ ኣድሆቦ ይገብር ምስ ዝህሉ ክነማእዝኖ የድሊ።

### ሓሳብ

"እንታይ ኮይነ'የ ብዛዕባ ዘይደልዮ ሰብ ዝሓስብ፧" "እኹል ምድላው ገይረ ክንሰይ ውሽጠይ ግን ክወድቕ ምኻነይ ጥራይ እዩ ዝነግረኒ ዘሎ፡" "ከም ዘይተፍቀረኒ እፈልጥ እየ፡ ግን ካብኣ ክርሕቕ ኣይከኣልኩን፡ ውሽጠይ ስቕ ኢሉ ተስፋ ይህበኒ" … ዝብል ዘረባ፡ ሓሳብና ካብቲ ንሕና እንደልዮ ወጻኢ ይህውትት ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ። ገለ ክፋል ናይ ውሽጥና ከኣ ከምዚ ዝበለ ሓሳባት ጌጋ ምኻኑ ዝነግር ኣሎ። ኣብ ኣእምሮና ዝፍጠር ሓሳብ ካብ ቍጽጽርና ወጻኢ ኮይኑ ዝስምዓና ውሑዳ ኣይኮናን። ይኹን እምበር ኣብ ኣእምሮና ዝሰላሰል ሓሳብ ናይ ምምራጽ ብቕዓት ኣሎና። ስለዚ ነየናይ ክንሰምዕ ከም ዘሎና ክነነጻጽር የድሊ። ኣብ ቅንያት ፈተና እኹል ምድላው እንተ ገይርና፡ ነቲ ብውሽጥና ዝዝረብ "ክተርፍ እየ፡" ዝብል ድምጺ "ኣይተርፍን እየ፡ እኹል ምዳላው ገይረ እየ፡" ብዝብል ሓሳብ ክንትክኦ ንኽእል ኢና። ነዚ ክንገብር ግን ፈለማ ሓሳብና ክንቈጻጸርን ከነማእዝንን ከም እንኽእል ምትእምማን የድሊ፣ ብተወሳኺ ከኣ ብኣድግቦ ኣእምሮና ነቲ እንደልዮ ሓሳብ ክሓስብ ጥራይ ከነፍቅደሉን ከነማእዝኖን የድሊ።

### ስምዒት

ሓሳብ ንስምዒት ብቐጥታ እዩ ዝጸልዎ። ስምዒት ከኣ ሓሳብ ብተደጋጋሚ ክመላለስ ባይታ የውሕስ። ሓሳብና ክንቈጻጸር እንተ ኽኢልና ስምዒትና ክንቈጻጸር ኣየጸግምን እዩ። እዚ ክንገብር ምስ ዘይንኽእል፡ ሓሳብና ንስምዒትና ከም ዘይጸሉ ገይርና ኣእምሮና ክንምልምል ንኽእል ኢና። ንኣብነት፥ ሓደ ሰብ "ኣየኽብረናን እዩ፡" ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ኢና። ካብዚ ዝተበገሰ ነቲ ሰብ 'ንጸልኦ'። እዚ 'ጽልኢ' ቀጥታዊ ግብረ መልሲ ኮይኑ፡ ንሕና ግን እቲ ሓሳብ ከም ዘለዎ ተቐቢልና ዝኾነ ስምዒት ከም ዘይስምዓና ክንገብር ንኽእል ኢና። "ሰብ መጠን ነብሱ የኽብረካ መጠን ነብሱ የሕስረካ፡" ኢልና ንኣምሮና ብምህዳእ ዝተፈልየ ምእዘና ምስ እንህቦ፡ ዝተፈልየ ግብረ መልሲ ክህበና ይኽእል።

### ተግባር

ተግባር፡ ኣእምሮ ምስ ኣዘዘ ዝፍጸም ግብረ መልሲ እዩ። ስለዚ ኣእምሮና ክንቈጻጸር እንተ ኸኢልና ተግባርና ክንቈጻጸር ይከኣል እዩ። ኣእምሮና ምስ ዝሕንግድከ፧ ንኣብነት፥ ጸሓፍቲ፡ ክጽሕፉ እንተ ኾይኖም ሓሳብ ክምጽኦም ኣለዎ፣ ሓሳብ ኣብ ገለ ግዜ ይምጽእ፡ ኣብ ገለ ግዜ (ኣብ ዝበዝሐ ግዜ) ከኣ ይጠፍእ እዩ። ነዚ ዝጸሉ ብርክት ዝበለ ረቛሒታት ንጕድኒ ገዲፍና "ሓሳብ ምምጻእ ኣብዩኒ፡" ኢልና ካብ ግዜ ምጥፋእ፡ ነብስና ኣብቲ እንጽሕፈሉ ቦታ ኮፍ ነብላ፡ ናይ መጽሓፊ ንዋትና ነዋድድ፡ ንጽሒፈት ወይ ንሓሳብ ዘተባብዑ ጽሑፋት ነንብብ፡ ወዘተ ድሕሪ ብዙሕ ድፍኢት ኣእምሮና ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብሉ ናብቲ ዝመደብናዮ መደብ ምእታዉ ኣይትረፍን እዩ። ዓቕልን ተደጋጋሚ ፈተነን ግን ክፍለየና የብሉን።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ስልጠና ናይ ካፍ ደረጃ 'ሲ' ንኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ ይወሃብ ኣሎ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚን ደረጃን ኣሰልጠንቲ ኩዕሶ እግሪ ንምዕባይ ዘካይዶ ዘሎ ስራሓት፡ ካብ 6 ሓምለ 2026 ጀሚሩ ካልኣይ ክፋል ስልጠና ኣሰልጣንነት ካፍ ደረጃ 'ሲ' (CAF C coaching course) ይህብ ኣሎ።

እዚ ብክፍሊ ተክኒክ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ተወዲቡ፡ ብኢንስትራክተራት ተክኒክን ሕክምናን እናተኣለየ ክሳዕ 12 ሓምለ 2026 ዝቕጽል መደብ'ዩ። ኣብዚ ስልጠና፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ 30 ሰልጠንቲ ይሳተፉ ኣለው።



ሰልጠንቲ ኣብዚ ዝወሃብ ዘሎ ካልኣይ ክፋል መደብ ስልጠና፡ ንውጥን መደባት ስልጠና፡ ንኣምርን ፍልስፍናን ግጥም ኩዕሶ እግሪ፡ ታክቲካዊ ምድግጋም፡ ቀዳማይ ረድኤትን ኣብ ግዜ ግጥም ንዘጋጥሙ ልሙድ መጉዳእቲታት ኣፈዋውሳኦምን ዝምልከትን ካልእ ኣርእስትታትን ይወስዱ ኣለው። እዚ ስልጠና ብክልሰ-ሓሳብን ግብራዊ ልምምዳትን ዝተሰነየ እዩ። በዚ ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና ድማ፡ ሰልጠንቲ ንዝጸንሖም ኣፍልጦ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ብሓዲ ደረጃ ክብ ኩብል ትጽቢት ከምዝተገበረሉ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ መደብ ተሓቢሩ።

ኣብዚ ስልጠና ዝሳተፉ ዘለዉ ኣሰልጠንቲ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ 2026 ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ንዝተወደበ ቀዳማይ ክፋል ስልጠና ናይዚ መደብ ተኸታቲሎም ምንባሮም ዝዘከር'ዩ።

## ቅልስ ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ንዋንጫ



ኩባንያ ህንጻ ሳዋ

ሻምፕዮን 2025-26 ካልኣይ ድቪዥዮን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዝካየድ ናይ ዋንጫን ደረጃን ጸወታታት መጋረጃኡ ክዕጾው'ዩ።

ኣብዚ ጉድጓ ጉድጓ ግጥማት ሊግ ዞባ ማእከል ክካየድ ዝወረሐ ግጥማት፡ 15 ጋንታታት ካልኣይ ድቪዥዮን ኣብ ክልተ ምድብ ተመቓቒለን ናይ ክልተ ዙር ውድድር ኣካይደን። ካብ ምድበን ቀዳመይትን ካልኣይትን ኮይነን ዝሓለፋ



ኣኽርያ

ኣርባዕተ ጋንታታት ከኣ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታታት ድሕሪ ምክያድ ናብ መዛዘሚ በጺሐን ደርከባ። ኣብዚ ጽባሕ ዝካየድ ጸወታ ድማ፡ ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻን ንዋንጫ፡ ጉዳይፍን ደንደን 'ቢ' ከኣ ንደረጃ ክፋለማየን።

እዘን ናይ ዋንጫ ጸወታ ዘካይዳ ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ኣብ ሓደ ምድብ ተዳሉዲለን ዝጸበራ እየን። ኣኽርያ ካብ ምድባ ቀዳመይቲ ኮይና ኽትሓልፍ ከላ፡ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ድማ ካልኣይቲ ኾይና ተኸቲላታ። ድሕሪ ዘካየድኦ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ግጥማት ከኣ ኣብ ናይ ፍጻመ መድረኽ ተራኺበን። ኣኽርያ፡ ኣብ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ግጥማት ብምሉእ ዓወት ክትሓልፍ እንከላ፡ ኣብ ናይ ካልኣይ ዙርያ ግጥማት ግና ሓንቲ ማዕረ ወጺኡ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም። ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ኣርባዕተ ዓወት፡ ሓንቲ ማዕረን ክልተ ስዕረትን ብምምዝጋብ ድሕሪ ፓራዲዞ ተሰሪዓ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ነይራ። ኣብ ካልኣይ ዙርያ ግና ብቐዓታ ኣመሓይሻ ብምቕራብ ንኣኽርያ ተኸቲላ ናብ ዝቕጽል ውድድራት ክትሰግር ክኢላ። ኣኽርያ ኣብ ዝሓለፈ ዋንጫ ሰሜኣታት ክተልዕል ብምብቅዓ ከም'ኡ'ውን ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ንኩባንያ ህንጻ ሳዋ ረቲዓታ ብምንባራ ዚ ናይ ጽባሕ ጸወታ ምስ ምሉእ ሞራላ ትኣትዎ ዘሎ። ኣሰልጣኒ ኣኽርያ ብስራት ሰረቐ፡ «ብጽቡቕ ተወዳዲርና ኣብዚ ደረጃ በጺሕና ዘለና፡ ክልተና ኣብ ሓንቲ ምድብ ስለ ዝነበርና ንፋለጥ ኢና። ተጻወትተይ ብወኒን ፍቕርን እዮም ዝጻወቱ። ወኒ እንተደኣ ሃልዩ ከም ትዕወት ርዱእ'ዩ» ኢሉ። ኣሰልጣኒ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ቢላል ዓሊ ብወገኑ፡ «ኣብዚ ድቪዥዮን ንካልኣይ ዓመትና ኢና ንጻወት ዘለና። ዓሚ ናይ ተመኩሮ እዋን'ዩ ነይሩ። ሕጂ ድማ ኣብ ተወዳዳርነት ኣቲና ስ ንዋንጫ በጺሕና። እዚ ናይ ጽባሕ ውድድር ዋንጫ ንምዕታር ክንኣትዎ ኢና። ተጻወትተይ ድማ ኣብ ጽቡቕ ሞራል ስለ ዘለው ዋንጫ ናጥና'ያ፡» ኢሉ።

ኣብዚ ጽባሕ ዝካየድ ግጥማት፡ ሰዓት 1፡00 ድሕሪ ቐትሪ ደንደን 'ቢ' ምስ ጉዳይፍ ናይ ደረጃ ጸወታ ክካየዳየን። ቀጺለን ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ድማ ካብ ሰዓት 3፡00 ድ.ቐ ኣትሐዚን ዋንጫ ንምዕታር ክቃለሳየን።

## ሻድሻይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ 2026

ሻድሻይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ንናይ ግዜ ተወዳደርቲ እትፍትንን እትምችእን መድረኽ ኮይናያ ተዳልያ። ናይ ፈለማ ናይ ጎቦ ፈታኒት መድረኽ ድማ፡ ታደይ ፖጋቻን ጆናስ ቪንገጋርድ ከኣ ሕድሕዶም ዝፈታተኑላ መድረኽ ክትከውን ትጽቢት ተገይሩላ።

ሻድሻይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ካብ ፓዉ ፈሊማ ኣብ ጋቫርኒያ እትዛዘም 186.02 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነት መድረኽ'ያ። እዛ መድረኽ 4080 ሜትሮ ቁመት ዘለዎ ጎቦ ዝሓዘት ብምዃና ብኣግኡ ኣብ ቅልስ ናይ ብጫ ማልያ ፍልልይ ክትፈጥር ትጽቢት ዝተገበረላ ነይራ። እዛ መድረኽ ራብዓይ 'ካታጎሪ' ዘለዋ 1.9 ኪሎ ሜትር እትሸፍን፡ ኣብ ሳልሳይ ካታጎሪ እትምደብ 3 ኪሎ ሜትር ዝሓዘት፡ ኣብ ቀዳማይ ካታጎሪ እትኣተት 9.8 ኪሎ ሜትር እትሸፍን ከምኡ'ውን ኣብ 'ሆርስ ካታጎሪ' እትምደብ 12.4 ኪሎ ሜትር እትሸፍን ዝሕኩራ ዓቐበታት ዝሓዘት'ያ ነይራ። ንናይ ሸኻ ተወዳደርቲ ከኣ ዓቐብ ከይበጽሕካ ኣብ 60 ኪሎ ሜትር እትርከብ ናይ ማእከል ሕንጻጽ ተሰሪዓትሎም ነይራ። እዛ ሕንጻጽ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ለውጢ ዘምጽእ ግደ'ኳ እንተ ዘይሃለዋ፡ ናይ ነጥቢ ፍልልይ ንምጽባብን ንምግፋሕን ግን ዕድል ትፈጥር'ያ ነይራ።

ኣብዛ መድረኽ እቲ ምስ ካልኣዩ ቀረጹ ዝኸደ ፔደርሰን ነታ ናይ ማእከል ሾሎታ ብምዕዋት ነጥቡ ናብ 168 ክብ ከብሎ እንከሎ፡ ብንያም ግርማይ ድማ ሓምሻይ ብምኢታው 12 ነጥቢ ወሲዱ። ብንያም፡ ብ91 ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ደርኪቡ።

እቲ ውድድር 43 ኪሎ ሜትር ናይ ምጥቃዕ ስጉምቲ ዘካየደ ታደይ ፖጋቻ፡ ብ4፡32፡07 ሰዓት ሻድሻይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ኩይኑ። ነዛ መድረኽ ከዕወት ግምት ዝተወሃቦ ቪንገጋርድ ብ2፡38 ድሒሩ ካልኣይ ደረጃ ኣትዩ። ፖጋቻ፡ በዛ ዓወት ተሓጊዙ ብጫ ማልያ ለቢስዋ ደርኪቡ።

ናይ ሎሚ ሻብዐይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ 175.1 ኪሎ ሜትር ዝሓዘት መድረኽ'ያ። እዛ መድረኽ ፈታኒ ዓቐብ ዘይብላ ብምዃና ናይ ሸኻ ተቐዳደምቲ ክደምቑላ ትጽቢት ይግበረላ።

## ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ስልጠና ኣሰልጠንቲ ኣትለቲክስ ተዋሂቡ

መኮንን ሓብሬታን ገስጋሰን ሚኒስትሪ ምክልኻል ምስ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ብምትሕብባር መባእታዊ ስልጠና ኣሰልጠንቲ ኣትለቲክስ ሂቡ።

እዚ ንሸውዓተ መዓልታት ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተኻየደ ስልጠና፡ ኣብ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ኢንስትራክተር በራኺ በየነን ኣትሌት ፍጹም የማነን እዩ ተዋሂቡ። ኣብዚ ስልጠና ካብ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተዋጽኡ ሸሞንተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 21 ሰልጠንቲ ተሳቲፎም።

### ዜና ብሓጺሩ

**• ዩናይትድ ምስ ቸልሲ ኣብ ስምምዕ በጺሓ**

ንምፍናዋ ካሰሚሮ ሰዒቡ ማእከላይ ኣከፋፋሊ ንምፍራም ቀዳምነት ሒዛ ትሰርሕ ዘላ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ብራዚላዊ ኣንድሬይ ሳንቶስ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ክትፈርሞ ምስ ቸልሲ ተሰማሚዓ። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንቸልሲ ፈለማ 48 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍሎ'ያ፡ ኩነታቱ ተዓዚቡ ድማ ክልተ ሚልዮን ዶላር ክተስዕቦ'ያ። ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኤልዮት ኣንደርሶን ካብ ኖቲንግሃም፡ ማትዮስ ፈርናንደስ ካብ ዌስት ሃም ንምምጻእ ዘይሰመረላ ፈተና ኣካይዳ ምንባራ ይዝከር።

**• ክሮኤሽያን ዳሊክን ድሕሪ ትሸዓተ ዓመት ተፈላልዮም**

ዝላትኮ ዳሊክ ብፖርቱጋል ተረቲዑ ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ድሕሪ ምስናብቱ ድሕሪ ናይ ትሸዓተ ዓመት ጽንሒት ካብ መዘውር ምስልጣ ክሮኤሽያ ተሰናቢቱ። ወዲ 59 ዓመት ዝላትኮ ዳሊክ ኣብ 2017 መዘውር ምዕዶም ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ክሮኤሽያ ተረኪቡ። ኣብ ናይ 2018 ዋንጫ ዓለም ከኣ ንሃገሩ መሪሑ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክበጽሕ እንከሎ፡ ብፈረንሳ 4-ብ2 ተረቲዑ ካልኣይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ'ዩ።

ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ክሮኤሽያ ንምስንባት ዳሊክ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ «ኣቲ ዘምጽእካልና ዓወት፡ ሓድነትን ክብረትን ከምኡ'ውን ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳን ወጻኢ ንስለ ክሮኤሽያ ዘርኣኻዮ ቃልሲን ስለቲ ኩሉ ኣበርክቶኻን ነመስግነካ» ኢልዎ።

**• ማንዚ ናብ ነውካስል**

ንብዝርላንዳዊ ኣከፋፋሊ ጆን ማንዚ ንምውናን ኒውካስልን ፍራብርግን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ተገሊጹ። ኒውካስል፡ ንወዲ 20 ዓመት ማንዚ ብ50 ሚልዮን ፓውንዳ'ያ ናብ ሰንት ጀምስ ፓርክ ተምጽኦ ዘላ። ኣስቶን ቪላ ውሺ ኣከፋፋሊኣ ኣማደዩ ኦናና ከቢድ መጉዳእቲ ስለ ዘጋጠሞ፡ ንማንዚ ንምፍራም ብደቒቕ ክትከታተሎ ምጽንሓ ዝፍለጥ'ዩ። ይኹን እምበር ኒውካስል ብዘዐሰደቶ ውሳኔ ካብ ደሌታ ክትከሰፍ ተገዲዳ ትርከብ። ጆን ማንዚ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ'ቲ ሃገሩ ንባዝንያ ሄርዘጎቪናያ 4-ብ1 ዝረትዓትሉ ግጥም፡ ካብ መንበር ተቐያሪት ተበጊሱ ክልተ ሽቶታት ዘቀጸረ ዝኣሰ ተጻዋታይ ብምዃን ታሪኽ ሰሪሑ'ዩ።

## ከቢድ ሚዛን ዝሓዘ ናይ ርብዒ ፍጻመ ግጥም



ሎሚ መድረኽ ርብዒ ፍጻሜ ዋንጫ ዓለም፡ ናይ ከቢድ ሚዛን ግጥም ኣብ ስታድዮም ሎስ ኣንጀለስ ክእንግድ'ዩ። ኣብ መንጎ ዋንጫ ዓለም 2026 ክልዕላ ካብ ዝተገመታ ጋንታታት ሓንቲ ዝኾነት ስጳኛን ታሪኻዊ ጉዕዞ ንምኽያድ ኣንቂዳ ዘላ ቤልጅዩምን።

ስጳኛ፡ መዕገቲ ዝተሳእና ጉዕዞ ብምሕላፍ'ያ ናብ መድረኽ ሸሞንተ ሃገራት በጺሓ ዘላ። ኣብ መድረኽ 32 ንኣውስትርያ 3-ብ0 ድሕሪ ምርታዕ፡ ንፖርቱጋል ብድራማዊ ናይ 1-ብ0 ዓወት ሰቒ ኣቢላ ምስ ቤልጅዩም ፊት-ፊት ተራኺባ። ናይ ቤልጅዩም ጉዕዞ ግና ብሃንደበት ዝኾነ ናይ ምጥቃዕ ማዕበል'ዩ ናብዚ መድረኽ ተበጺሑ። ምስ ግብጽን ኢራንን ማዕረ ዘውጽኣ ዝሓለፈ ጉዕዞ ድሕሪ ምሕላፍ፡ ንኒውዚላንድ 5-ብ1 ብምርታዕ ካብ ናይ ምድብ ጸወታ ሰጊራ። ኣብ ልዕሊ ሴኔጋል ናይ ተወሳኺ ግዜ ዓወት ኣመዝጊባ፡ ንሕንጋዲት ሃገር ኣሜሪካ ደፊኣያ ድማ ኣብ ርብዒ ፍጻመ «ኣለኹ» ኢላ።

እዛ ናይ ሎሚ ግጥም፡ ማእከል ሜዳ ምዕብላልን ቶኽሳዊ ፍጥነትን ክርኣዩ ትጽቢት ይግበረሉ። ስጳኛ፡ ማእከል ሜዳ ብምዕብላል ንጸወታ ክትቆጻጸሮ ትግመት። ቤልጅዩም ድማ ጸዑቕ ናይ መልሰ መጥቃዕቲ ጥቡብ ብምኽታል፡ ቀጥታዊ ምስግጋር ኩዕሶ ብምኽያድ ንመስመር ምክልኻል ስጳኛ ክትፍትን ትጽቢት ይግበረላ። ቤልጅዩም ኣኽር ማእከል ሜድኣ ዝኾኑ ኣምደዩ ኦናና ብመጉዳእቲ ካብ ጸወታ ወጻኢ ኾይኑ ብምህላው ኣብ ነውጺ ትርከብ። ስጳኛ ብኣንጻሩ፡ ተጻወትታ ኣብ ዝሓሸ ኣካላዊ ጥዕና ስለ ዘለው ዝርግኦ መንፈስ ሒዛቶ።

'ኦፕታ ሱፐር ኮምፕዩተር' ብ69.5% ተኽእሎ ዓወት፡ ስጳኛ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ክትሰግር ግምታ ኣሎ። ኣንበብቲ'ኸ መን ትዕወት ትብሉ፧

### መደብ ጸወታ

ሎሚ ዋንጫ ዓለም 2026 ርብዒ ፍጻመ

ስጳኛ - ቤልጅዩም 10፡00 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያን ሃገራት ሳሕልን፡ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዘን ከሐይላ ተሰማሚዐን

ፌደረሽን ሩስያን ኪዳን ሃገራት ሳሕልን፡ ወተሃደራዊ ምትሕብባረን ከጀይላ ከም እተሰማምዓ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ሞስኮ፡ ንዓቕሚ ዕጡቓት ሓይልታት እቲ ኪዳን ንምሕያል፡ ተወሳኺ ደገፍ ክትህብ ቃል ከም 2012 ጀሚሩ ኑቲ ዞባ ዓብለልዎ ዝበረ ናይ ጂሃዳውያን ምንቅስቓስ ንምምካት፡ ኣብ መስከረም 2023 'ኪዳን ሃገራት ሳሕል' ዝተባህለ ሓባራዊ ናይ ምክልኻልን ምትሕግጋዝን ኪዳን ከም ዘቖማ ይግለጽ።




ዝኣተወት ተገሊጹ።

እቲ ስምምዕ ምስ ከም ፈረንሳን ዩክሬንን ዝኣመሰላ ግዳማውያን ሓይልታት ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕትታት ኣብ ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ብተደጋጋሚ ይፍጸም ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ ተበጺሑ ዘሎ።

ፌደረሽን ሩስያ፡ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ማሊን ኒጀርን ዝተኻየደ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕትታት፡ "ንልኡላውነት እተን ሃገራትን ርግኣት እቲ ዞባን ዝሕምስ" ኣዕናዊ ተግባር ክትብል ብትሪ ኮኒናቶ ኣላ።

ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን፡ ኑቲ ካብ እተን ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝምርሓ ሰለስተ ሃገራት፡ ፈረንሳ ኣብቲ ዞባ ሽበራዊ ንጥፈታት ትምውል ከም ዘላ ብምኽሳስ፡ ኑቲ ምስኣ ዝነበረን ናይ ምክልኻል ዝምድናታት በቲኸን ምስ ፈደረሽን ሩስያ ሽርክነት ከም ዝመስረታ እዩ ዝፍለጥ።

እቲ ኣብ ሞንጎ እተን ሃገራት ሳሕልን ፈደረሽን ሩስያን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ልኡላዊ ማዕርነትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዝተሞርኮሰ ምዃኑ እዮም ምስቲ ዛዕባ ቀርበኛ ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

## ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ኢቦላ 600 በጺሑ

ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ተኸሲቱ ብዘሎ ለበዳ ኢቦላ፡ ቁጽሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ብውሑዱ 600 ክበጽሕ እንከሎ፡ ብዝሒ በቲ ሕማም ናይ ዝተለኽፉ ግዳያት ከኣ ናብ 1,759 ክብ ከም ዝበለ፡ ሰብ መዚ ጥዕና እታ ሃገር፡ እቲ ሕማም ብሰንኪ ቀጻሊ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ፡ ጸጥታዊ ቅልውላውን ኣብ ጽላት ጥዕና ዝርአ ዘሎ ድኽመታትን፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ኣይከኣለን ዘሎ።



ሃገር ኣብ ዘውጽኦዎ ሓድሽ ጸብጻብ ኣመልኪቶም።

ኑቲ ክሳብ ሕጂ ክታብት ብዘይተረኽቦ 'ቡንዲቡግዮ' ዝተባህለ ዓይነት ቫይረስ ዝሰዓበ ለበዳ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል፡ ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ካብ ዝሓለፈ 2 ሓምለ ዝጀመረ ወግዓዊ ክሊኒካዊ ፈተነ ይካየድ ከም ዘሎ እዩ ዝፍለጥ።

ብመሰረት ክኢላታት ጥዕና እታ ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ለበዳ ኢቦላ ሕጂ ንመበል 17 ግዜኡ እዩ ዘጋጥም ዘሎ።

ኣብታ ጎረቤት ደ.ሪ.ኮንጎ ዝኾነት ዩጋንዳ እውን፡ 20 ሰባት ብኢቦላ ክልከፉ እንከለዉ፡ ካብዚኣቶም ክልተ ሰባት ሞይቶም፡ 17 ካልኦት ከኣ ሓውዮም ናብ ቤቶም ተፋንዮም ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ይሕብሩ።

## ኢራንን ኣመሪካን መጥቃዕትታት ቀጺለን

ኣመሪካን ኢራንን ዝጀመራኦ ሓድሽ ምልውዋጥ መጥቃዕትታት፡ ናብ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ እውን ከም ዝቐጸለ ተሓቢሩ።



በዚ መሰረት፡ ማእከላይ እዚ ኣመሪካ፡ መኽዘን ሚሳይላትን ድሮናትን፡ ከምኡ'ውን ጸረ ነፈርትን ንጽባሌሳዊ ትካላትን ኣብ ልዕሊ ዝርከብዎም 90 ወተሃደራዊ ዒላማታት ኢራን ብዝቐየደ ደብዳብ፡ ሰበውን ንዋታውን ክሳራታት ከም ዘውረደ ኣፍሊጡ።

እቲ ሰጉምቲ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ እቲ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ዝቐየደ ምንቅስቓስ ንግዳውያን መራኽብ ልዑል ተራ ከም ዘለዎ እያ ኣመሪካ ትገልጽ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብወገኑ፡ ብመጥቃዕትታት ኣመሪካ፡ ብውሕዱ 14 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት ኣስታት 80 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ኣረዲኡ።


ኢራን፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኣመሪካ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጸመቶ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ባሕሬን፡ ኩዌትን ቐጠርን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ 85 ኣገደስቲ ወተሃደራዊ ዒላማታት ኣመሪካ ደብዳብ ከም ዘካየደት ገሊጻ።

ኮናት ብሰላም ንምዕራፍ ምስ ኢራን ዝተበጽሐ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ ከም ዝብቅዐ ዝገለጸ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ዝቐየደ መጥቃዕትታት ክስፋሕ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

በዚ ድማ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ክዕረፍ ከም ዝኽእል ክእመት ዝጀንሐ ኩናት ኢራን፡ ቅልጡፍ መዕለቢ እንተ ዘይተረኺቡ፡ ካልእ ሓደገኛ ኣንፈት ክሕዝ ከም ዝኽእል እዮም ተንተንቲ ዘተሓሳስቡ ዘለዉ።

## ህንድን ኣውስትራሊያን፡ ኣብ ሰደድ ዩራኒየም ዘተኮረ ስምምዕ ከቲመን

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲን ኣውስትራሊያዊ መዘናኡ ኣንቶኒ ኣልባኒዝን ኣብ ከተማ ሜልበርን ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣብ ሰደድ ዩራኒየም ዘተኮረ ስምምዕ ከም ዝኸተሙ ተሓቢሩ።



ብመሰረት እቲ ስምምዕ ኣውስትራሊያ ኣብ ኢንዳስትሪ ንጹኽሌሳዊ ጸዓት ዘገልግል ዩራንዩም ናብ ህንዲ ክትልእኽ እያ።

ክልተኦም መራሕቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ እቲ ስምምዕ ኣውስትራሊያ ንሰላማዊ መዓላ ጥራይ ዝውዕል ዩራኒየም ናብ ህንዲ ንዊሒ እዋን ንኸተሰድድ ዘፍቅድ ምዃኑ ሓቢሮም።

ህንዲ፡ እቲ ን28 ሚእታዊት ካብ ቀረብ ዓለምና ዝሸፍን መኽዘን ዩራኒየም ኣውስትራልያ፡ ኣብ ምውቃዕ እቲ ኣብ 2047 ክትበጽሖ እትሕልን ዘላ ናይ ጽሩይ ጸዓት ሸቶ ሓጋዚ ምዃኑ እያ እትረድእ።

እቲ ኣብ ሞንጎ እተን ክልተ ሃገራት ዝቆየደ ሰደድ ዩራኒየም፡ ንመምርሒታት ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት ከም ዝኽተል ተፈሊጡ ኣሎ።

ህንድን ኣውስትራልያን፡ ኣብ 2014 ንጹኽሌሳዊ ምትሕብባር ክኑብራ'ኳ እንተ ተሰማምዓ፡ ኣውስትራልያ ግን፡ እቲ ጫኢታ ኣብ ምምዕባል ንጹኽሌሳዊ ኣጽዋር ከይውዕል ብምስጋእ፡ ናብ ህንዲ ኣዝዩ ውሱን ዓቐን ዩራኒየም ጥራሕ ክትልእኽ ምጽንሓ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ ክልተኦም ሳዕለዎት ሰብ ስልጣን፡ ህንድን ኣውስትራልያን ኣብ ምክልኻል ዘለወን ምትሕግጋዝ ከሐይላ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረብ ኣገደስቲ ማዕድናት ዘገልግሉ መስመራት ከስፍሓ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

ህንዲ፡ ሓምሻይቲ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ኣውስትራሊያ እያ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ፡ ቀድሚ ናብ ኣውስትራልያ ምእታው፡ ኣብ ኢንዶነዥያ ወግዓዊ ምብጻሕ ክፍጽም እንከሎ፡ ሎሚ ዓርቢ ከኣ ናብ ኒውዚላንድ ከምርሕ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ደቡብ ኣፍሪቃ - ብመጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት 7 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ርእሲ ከተማ ደቡብ ኣፍሪቃ - ኬፕ ታውን ብዝተኻየዱ ክልተ ዝተፈላለዩ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት ሸውዓተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ሓሙሽተ ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ፖሊስ እታ ከተማ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፖሊስ እታ ከተማ፡ እቲ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኣብ ኣፍ ደገ ሓደ ደኳን ደው ኢሎም ዝነበሩ ሓሙሽተ ደቂ ተባዕትዮ ክፍጸም እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ መጥቃዕቲ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኣብ ዝተፈለየ ከባቢ ዝነበሩ ካልኦት ሸውዓተ ሰባት እዩ ተኻይዱ።

ፖሊስ፡ ንምኽንያትን ምትሕሓዛን እቶም ክልተ መጥቃዕትታት ንምፍላጥ መርመራ የካይድ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብቶም መጥቃዕትታት ዝተፈጸመሎም ከባቢታት ተወሳኺ ግጭት ንኸይልዓልን ድሕነት ህዝቢ ንምሕላውን ሓይልታት ጸጥታ ኣዋፊሩ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ኣኽርያ
ዕለት: 10/7/26
ጎደና: ጎደና ሽርኢት-135 ከባቢ ኣኽርያ
ቁ.ስልኪ: 08370238
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services